
ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.262 ሰንበት 2 ሓምለ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2

ተርሞሜተር

ገጽ 3
ዜና

ገጽ 4
ኣርክቲክን ኣንታርክቲክን


ገጽ 5
ምጽማም ተለመድ



ገጽ 7
ዩናይትድ ንኦናና ተቓምት



# ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን፡ 738 ተመሃሮ ኣመሪቑ

ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ትማሊ 1 ሓምለ ኣብ ዘካየዶ መበል 16 ናይ መመረቕታ ስነስርዓት፡ ብዝተፈላለየ ዓውደ-ትምህርቲ ዝምሃሮም 738 ተመሃሮ ኣመሪቑ።

ካብዞም 43 ማእታዊት ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም ተመሃሮ፡ 305 ብዲግሪ፡ 433 ከኣ ብዲፕሎማዮም ተመሪቖም።

ኣብቲ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ዳይረክተር ሃገራዊ ኢንስቲትዩት ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ምርምርን ዶ/ር ሃይለ ምሕጹን ዝተረኸብሉ ስነስርዓት፡ ዲን ናይ'ቲ ኮሌጅ ዶ/ር እስቲፋኖስ ሃይለማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ብምኽንያት ቅጥዕታት ምክልኻል ለበዳ ኮሮና ቫይረስ፡ መስርሕ ምረቓ ተመሃሮ ንዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ብምግዛ ክካየድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሎሚ ዓመት ተመሃሮን ወለዲን ኣብ ዝተረኽብሉ ክጽንበል ምኽኣሉ፡ የሓጉስ ገሊጹ።





ዶ/ር እስቲፋኖስ ኣሰዪቡ፡ ሎሚ ዓመት ብዲግሪ ዝተመረቑ - ብዓውድታት ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ምሕደራ ዋኒን ህዝቢ፡ ስነ-ቁጠባን ፋይናንስን፡ ቋንቋ እንግሊዝ፡ ጂኦግራፊ፡ ታሪኽ፡ ሕጊ፡ ቤተ-መጽሓፍትን ስነ-ሓበሬታን፡ ከምኡ'ውን ስነ-ማሕበረሰብን ስነ-ሰብን፡ ብዲፕሎማ ዝተመረቑ ድማ ብዓውድታት ኣተሓሕዛ ሕሳብ፡ ባንኪንግ፡ ምሕደራ ቱሪዝምን ሆቴልን ስነ-ማሕበረሰብን ማሕበራዊ ዕዮን ከምዝሸፈኑ ኣብሪሁ።

ኣካዳሚያዊ ዓቕሚ መምህራን'ቲ ኮሌጅ፡ 27 ደረጃ ፒ.ኤች.ዲ፡ 32 ደረጃ ማስተርስ፡ 13 ድማ ቀዳማይ ዲግሪ ዘለዎም ምዃኖም ዝጠቐሰ ዶ/ር እስቲፋኖስ፡ ዚ ንምዕባይ ብዝካየድ ዘሎ ቀጻሊ ጻዕሪ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ 7 ናይ ዶክትረይት፡ 10 ድማ ናይ ማስተርስ ትምህርቶም ኣብ ሃገራት ጃፓን፡ ቻይና፡ ሩሲያ፡ ሃንጋሪ፡ ህንድን ደቡብ ኣፍሪቃን ይከታተሉ ከምዘለዉ ገሊጹ።

ወከልቲ ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ካብ 2 ክሳብ 5 ዓመት ኣብ'ቲ ኮሌጅ ኣብ ዘጸንሕሉ፡ ሰሚኣት ለበዲ ኮሮና ቫይረስ እቲ ዝፀበዮ ብድሆ ምንባሩ ጠቒሶም፡ ኣብ ዕላማኦም ብምጽናዕ ትምህርቶም ፍረ ክሳብ ዝርከቦ ኣብ ጎኖም ኮይኖም ዝተባበዕዎም መምህራኖም ብምምስጋን፡ ኩሎም ተመረቕቲ ኣንፈቶም ናብ ልምዓትን ምዕባለን ብምቕናዕ ዝምሃርዎ ህዝቦምን መንግስቶምን ንምኽሓስ ክይተሓለሉ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ፡ ልዑል ነጥቢ ዝመዝገቡ መዳልያ ድሕሪ ምሻሞም፡ ንኹሎም ዘጋጠሞም ብድሆታት ብምስጋር ኣብ መፈጸምታ ብምብጽሖም የሓጎስ ኢሉ፡ ሃገር እትጽበዮ ሞያዊ ጠለባት ንምምላእ ክጽዕሩ ድማ ኣዘኻኺሩ።

ኮሌጅ ንግድን ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠትን ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ልዕሊ 12 ሽሕ ተመሃሮ፡ ብደረጃ ማስተርስ፡ ቀዳማይ ዲግሪን ዲፕሎማን ብምምራቕ ናብ ስራሕ ከምዘዋፈረ፡ ሰነዳት የረድእ።

# ንስድራ ስዉኣት ገንዘባውን ዓይነታውን ደገፍ ተገይሩ

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ - ነበርቲ ንኡስ ዞባታት ጎልጅን መንሱራን ንስድራ ስዉኣት ገንዘባዊ ሓገዝ ገይሮም።

በዚ መሰረት፡ ነበርቲ ሓወሲ ከተማ ጎልጅ 160 ሽሕ ናቕፋ፡ ኣቶ ኣሚን እዮብ ዝተባህለ ነባሪ'ታ ሓወሲ ከተማ 10 ሽሕ ናቕፋ፡ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ድማ 900 ኩንታል እኽሊ ወፍዮም። ውዳበ መንእሰያት ሰራሕተኛታት ንኡስ ዞባ መንሱራ ዘዋጽኦዎ 6 ሽሕ ናቕፋ ድማ ን8 ስድራ ስውኣት ተመቓሪሑ።

ብዘይካ'ዚ፡ ነበርቲ ንኡስ ዞባታት ዛሮ፡ ከረን፡ ጸዓዘጋ፡ ሰንዓፈን ገልዓሎን፡ ልዕሊ 422 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ገንዘባውን ዓይነታውን ደገፍ ንስድራ ስዉኣት ገይሮም።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ - ነበርቲ 8 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ዛጎ ብዘዋጽእዎ ልዕሊ 136 ናቕፋ፡ 62 ኩንታል እኽልን 5 ኩንታል ሽኮርን ተገዚኡ ንስድራ ስዉኣት ክመቓረሐ ከሎ፡ ግርሁ ናይ ልዕሊ 273 ስድራ ስውኣት ድማ ተሓሪሱ።

ነበርቲ ሓሙሽተ ምምሕዳራት ከባቢ ከተማ ከረን ብዘወሰድዎ ተመሳሳሊ ተበግሶ፡ ኣስታት 134 ሽሕ ናቕፋ ንስድራ ስዉኣት ደገፍ ተገይሩ።

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጸዓዘጋ ድማ፡ ነበርቲ ዘዋጽእዎ 60 ሽሕ ናቕፋ ን330 ስድራ ስዉኣት ተመቓሪሑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ'ውን፡ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ 56 ሽሕ ናቕፋ ብምውጻእ፡ ንጽጉማት ስድራ ስዉኣት ሓጊዞም።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡስ ዞባ ገልዓሎ'ውን፡ ውዳበ ሲቪል ሰራሕተኛታት መንግስቲ 36 ሽሕ ናቕፋ ን36 ስድራ ስዉኣት ኣመቓሪሖም።



# ሎጎ-ዓንሰባ - ተራ ውዳበታት ህግደፍ ኣብ መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ይሰራሕ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ፡ ተራ ውዳበታት ህግደፍ ኣብ ትግባረ መደባት ልምዓት ንምድንፋዕ ዝዘተየ ኣኼባ፡ ብ28 ሰነ ኣብ መቓርካ ተኻዪዱ።

ኣብቲ ኣኼባ፡ ካብ 13 ምምሕዳራት ከባቢ ዝተዋጽኡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ መራሕቲ ጉጅለታትን ሓለፍቲ ጨናፍር ሚኒስትሪታትን ተሳቲፎም።

ጸሓፊ ህግደፍ ናይቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ብርሃነ ጸጋይ ኣብ ዘቕረቦ መንፈቓዊ ጸብጻብ፡ ተራ ህዝቢ ኣብ ሃገራዊ በዓላትን ንጅገኑ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝተገበረ እንግዶትን ዝምጉስ ምንባሩ ገሊጹ።

ብወፈራ መልክዕ ንዝተሰላሰለ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብዝምልከት ድማ፡ 1,319 ሜትሮ ከትርታት ከምእተሰርሑ፡ 34 ኪሎሜተር ጽርግያታት ከምእተጸገኑ፡ ከምኡ'ውን ልዕሊ 8 ኪሎሜተር ማስመር ማይን መስመር ኤለክትሪክን ከምእተዘርግሐ ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ብወገኑ፡ ብልጫታት ከዕቀቡ፡ ድኽመታት ድማ ክእረም ስለዝለዎ፡ ተሳተፍቲ ካብ'ቲ ገምጋም ተበጊሶም ንዝበረኸ ወጽኢት ዝሕግዝ መደባት ስራሕ ክወጽኡን ወሃደቶም ክዕዘዙን ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ድማ፡ ንኣገዳሲነት ናይ'ቲ ገምጋም ብምጥቃስ፡ ምስራሕ ሓወልቲ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ክውደብ፡ ተራ ካድራት ኣብ ኩሉ መደባት ልምዓት ክዓዝዝ፡ ኣብ ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ተመዝጊቦም ዘሰርሑ ዘለዉ ደያኑ ነዊሕ ግዜ ስለዝገበሩ፡ ዝቕየሩሉ ኩነታት ክፍጠር፡ ከምኡ'ውን ግቡኦም ዘየማልኡ ንመንበሪ ዘገልግል መሬት ጠሰ ክዕደሎም ዘብልን ካልእን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።


# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ተርሞሜተር


ተርሞሜተር መጠን ረስኒ እትዕቅን መሳርሒት እያ። ተርሞሜተር ግሪኻውያን ዘውጽኡዎ ስም ኰይኑ፡ "ተርሞስ" ማለት ውዑይ፡ "ሜትሮን" ማለት ከኣ ዓቐን ማለት'ዩ። ተርሞሜተር ክልተ ኣካላት ኣሎዋ። እቲ ሓደ ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ዋዒ ዘንብብ (ሰንሰር) ኰይኑ፡ ከም ኣብ ብሜርኩሪ ዝሰርሓ ተርሞሜተራት ንረኽቦ ቤትሮ ክኸውን ይኽእል። እቲ ሓደ ኸኣ ነቲ ፊዚካዊ ለውጢ (physical change) ናብ ቍጽሪኣዊ ዓቐን ዝቕይር መለክዒ እዩ። እዚ ድማ እቲ ኣብ ገጽ ተርሞሜተር ዝርከብ ደረጃታት ክኸውን ይኽእል።

ተመራመርቲ፡ ከም ዝጥዕሞም በብውልቆም ተርሞሜተራት እናሰርሑ ይጥቀሙ ነበሩ። ክልተ ዝተፈላለያ ተርሞሜተራት፡ ኣብ ሓደ ቦታ ክዕቅና እንከለዋ ዝህቦኦ ዓቐን ማዕረ ዘይክኸውን ይኽእል። ንኽልተኣን ዝዕይር ሓደ ቅቡል ዓቐን (agreed scale) ክህሉ ነበሮ። ሎሚ ቅቡል ልክዕነት ዘሎዎ ተርሞዳይናሚካዊ ዓቐን ረስኒ ኣሎ። እዚ ዓለም-ለኻኣዊ ዓቐን መጠን ረስኒ (International Temperature Scale) ብ1990 ዝተሓገገ ኰይኑ፡ ካብ -272.5 ደረጃ ሰልሲየስ (-458.5 ደረጃታት ፋይረናይት) ክሳብ 1085 ደረጃ ሰልሲየስ (1,985 ደረጃታት ፋይረናይት) ይዝጋሕ።




ተርሞሜተር ናይ ሓደ ሰብ ምህዞ ምዃና ዝገልጽ መግለጺ የለን። ኮርነሊስ ድረበል፡ ሮበርት ፍሉድ፡ ጋሊለዮ ጋሊሊን ሳኣንቶሪዮ ሳንቶሪዮን ገለ ካብቶም ኣብ መጀመርታ ምዕባለ ተርሞሜተር ኢዶም ዝነበሩ ፈላጣት እዮም። መበገሲ ተርሞሜተር ዝኾነት ተርሞስኮፕ ትብሃል መሳርሒት እያ። እዛ መሳርሒት ብጋሊለዮ ጋሊሊ ዝተማህዘት ምዃና ይንገር። ንመጀመርታ ግዜ ዓቐን ኣብ ተርሞስኮፕ ብምልካዕ ከም ዝንበብ ዝገብረ ኸኣ ፍራንቸስኮ ሳግረዶ ምዃኑ'ዩ። እዘን ተርሞስኮፓት ብጸቕጢ ኣየር ይጽለዋ ስለ ዝነበራ ርኡይ ድኻም ነበረን። ነዚ ንምውጋድ ኣብ ዝተሸፈነ ቱቦ ኣልኮል ብምምላእ ምስ ምልውዋጥ መጠን ረስኒ ከም ዝቀያየርን ብጸቕጢ ኣየር ከም ዘይጽሎን ብምግባር ተዳለወ። ዝማዕበለት ተርሞሜተር ድማ ኾነት። ዝተፈላለዩ ፈላጣት ነንኣሸቱ ለውጢ እናገብሩ ኸኣ ናብዚ ተበጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ክበጽሑዎ ክኢሎም።

ንመጠን ረስኒ ኣካልና እንዕቅነሉ ተርሞሜተር እቲ ብቐረባ ንፈልጦ ተርሞሜተር እዩ። ኣብ ቤትሮ ዝኣተወ ሜርኩሪ ምስ ምልውዋጥ መጠን ረስኒ እናተዘርገሐን እናተጨበጠን መጠን ረስኒ ይነግር። ኣብ ቀጢንን ረቂቕን ቤትሮ ዝርከብ ቱቦ፡ ነቲ ፈሳሲ ምስ ምቅይያር ረስኒ ቀልጢፉ ናብ ድላዩ ክንቀሳቐስን ክቐውምን የኽእሎ። "ባልብ" ተርሞሜተር እትኽተሎ መገዲ ንጹርን ቀሊልን እዩ። ፈሰስቲ ምስ ምቅይያር መጠን ረስኒ ዝሕዙዎ ቅጺ ይቀያየር እዩ። ኣብ ተርሞሜተር ዝርከብ ፈሳሲ ሜርኩሪ ወይ ኣልኮል እዩ። እቲ ዝበዝሐ እዋን ንረኽቦ ድማ ሜርኩሪ እዩ። ሜርኩሪ ካብ ኩሎም ባእታታት ዝተፈልየ ባህሪ ኣሎዎ። እቲ እንኮ ብተፈጥሮኡ ብፈሳሲ መልክዕ እንረኽቦ ባእታ እዩ። ነዚ ዝጥቀማ ተርሞሜተር መጠን ረስኒ ክውሰኽ እንከሎ፡ ሜርኩሪ ነቲ ቱቦ ክመልኦ ይጅምር። ኣብ ዝባን እቲ ቤትሮ ኸኣ ዓቐን ረስኒ ተጻሒፉ ይርከብ። እቲ ፈሳሲ ኣበየናይ ዓቐን ኣሎ ብምርኣይ ከኣ ናይቲ ዝደለናዮ መጠን ረስኒ ክንፈልጥ ንኽእል። ኣብ ገጽ ተርሞሜተር ክልተ ዓቐናት ብኽልተኡ ሸነኽ ክንረክብ ንኽእል። እዞም ዓቐናት ብደረጃታት ሰልሲየስን ፋህረናይትን ዝነግሩ እዮም። እዞም ክልተ ንደረጃ ረስኒ ብስሞም ክጸውዑ ዝኸኣሉ ፈላጣት ተመሳሳሊ ኣገባብ እዮም ተጠቒሞም።




ዳኒኤል ፋህረናይት ኣብ ተርሞሜተር ዓቐኑ ክንብር እንከሎ፡ ኣብ መንጎ ማይ ዝበርደሉን ዝሃፈሉን 180 ደረጃታት ዝሓዘ ነጥብታት ክህሉ ከም ዘለዎ'ዩ ወሲኑ። ሓንቲ ተርሞሜተር ብምስራሕ ኣብ ዝበረደ ማይ ኣእተዋ። እቲ ሜርኩሪ ተዘርጊሑሉ ዝነበረ ጫፍ 32 ደረጃታት ጸሓፈሉ። ነዛ ተርሞሜተር ካብኡ ብምውጻእ ኣብ ዝሃፍፍ ዝነበረ ማይ ኣእተዋ። ነቲ ሜርኩሪ ዝተርግሓሉ ጫፍ ከኣ 212 ደረጃታት ዝብል ምልክት ገበረሉ። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ጫፋት 180 ንሓድሕዶም ብማዕረ ዝተረሓሓቑ ነጥብታት ዓቒኑ ገበረ። ደረጃታት ፋህረናይት ክሳዕ ሕጂ በዞም ዓቐናት ይፍለጥ። ማይ ዝበርደሉ ኣብ 32 ደረጃታት ፋህረናይት፡ ዝሃፈሉ ኸኣ 212 ደረጃታት ፋህረናይት እዩ።

ኣንድረስ ሰልሲየስ ብወገኑ ከም ናይ ፋህረናይት ዝመሳሰል ኣገባብ'ዩ ተጠቒሙ። ኣብ መንጎ ምብራድን ምህፋፍን ማይ ናይ 100 ደረጃታት ፍልልይ ክህሉ ወሲኑ። ማይ ዝበርደሉ ዓቐን 100 ደረጃታት ኢሉ ጀመሮ። እንተኾነ እቲ ዝጀመሮ ዓቐን ጸኒሖ ተገምጢሉ። ማይ ዝበርደሉ ኣብ 0 ደረጃ፡ ዝሃፈሉ ኸኣ 100 ደረጃታት ክኸውን ክኢሉ። ክሳዕ ሎሚ ኸኣ ብደረጃታት ሰልሲየስ ማይ ዝበርደሉን ዝሃፈሉን ዓቐን ብእኡ ይፍለጥ።

ምስ ምዕባለ ተክኖሎጂ ካልኦት ዓይነት ተርሞሜተር ክምሃዛ ክኢለን እየን። እዘን ኣቐዲምና ዝረኣናየን "ባልብ" ተርሞሜተር ናይ ኣካልና ረስኒ ንምዕቃን ዘግልግላ እየን። እቲ ድሒሩ ዝማዕበለ ዝተፈላለየ ዓይነት ተርሞሜተር ንብዙሕ መዓላ ዘገልግል እዩ። "ባይ-ሜታሊክ ስትሪፕ" ተርሞሜተር ኣብ ምቍጽጻር መጠን ረስኒ ዝያዳ ውጽኢታዊ እዩ። "ባልብ" ተርሞሜተር ግን ልክዕ ዝኾነ ዓቐን ዝህብ እዩ። ሎሚ ኣዝዮም ብዙሓት ዓይነታት ተርሞሜተር ንዝተፈለየን ነውሱን ዕማም ዘገልግላ ኣለዋ። ኣልኮል፡ ኤል.ሲ.፡ ተጻራርነት፡ ፎስፈር፡ ኳርተዝን ሲልኮን ባንድ ጋፕን ተርሞሜተራት ክጥቀሳ ይከኣል።

## ሰልሲየስ 1701 – 1744

ኣንድረ ሰልሲየስ ሽወደናዊ ተመራመሪ ስነ-ፈለክ፡ ስነ-ቍጽርን ፊዚካን'ዩ ዝነበረ። ኣብቲ ዝተወልደሉን ዝዓበየሉን ሃገር ተማህረ። ኣቦኡን ኣቦ-ሓጎኡን ኒልስ ሰልሲየስን ማግኑስ ሰልሲየስን ፈላጣት ስነ-ቍጽሪ ነበሩ። ኣብ ኣፕሳላ ዩኒቨርስቲ መምህራን ነበሩ። ኣንድረ'ውን ኣብ ኣሰር ኣቦታቱ ብምኽታት ኣብ ሳይነይስ ተገዳስነቱ ኣዕበየ። ፍሉይ ናይ ስነ-ቍጽሪ ተውህቦ ከም ዘሎዎ ብእዋኑ ተለልየ። ኣብዛ ኣቦኡ ከም መምህር ኰይኑ ዝሰርሓላን ዝተመራመረላን ዩኒቨርሲቲ ተመሃረ፣ ብ1730'ውን ንባዕሉ መምህር ስነ-ፈለክ ኰነ። ኣንድረ፡ ኣብ ዘመኑ፡ ኣብ ስነ-ፈለክ፡ ፊዚካ፡ ስነ-ቍጽሪን ስነ-መሬትን ኣተኩሮ ብምግባር ዝተፈላለዩ ስነ-ፍልጠታዊ ምርምራት ንዓለም ኣበርኪቱ። ኣንድረ፡ እቲ መጀመርታ ብዛዕባ ምቅይያር ማግኔታዊ ክሊ መሬት ሓሳብ ዝሃበ'ዩ፣ ኪንዮ ብኣዒንቲ ወዲ ሰብ ንፈለማ ግዜ ብመሳርሒ ንብርትዐ ብርሃን ከዋኽብቲ ዝዓቀነ'ዩ፣ ዓለም-ለኻኣዊ ዓቐን መጠን ረስኒ ንኽህሉ ናይ ፈለማ መጽናዕቲ ንሕትመት ዘብቅዐ'ውን እዩ። ብውህሉል ኣበርክቶኡ፡ ብፍላይ ዓለም-ለኻኣዊ ተቐባልነት ዘሎዎ ዓቐን ብምፍጣሩ፡ ኣሃዱ ደረጃ ዓቐን መጠን ረስኒ ብስሙ ክሳዕ ሕጂ ይጽዋዕ እንሆሎ።

## ፋህረናይት 1686 – 1736

ዳንኤል ጋብርኤል ፋይረናይት'ዩ ዝብሃል። በቲ ብስሙ ዝጽዋዕ፡ ንሱ ዘማዕበሎ ደረጃ መጠን ረስኒ ድማ ዝያዳ ይፍለጥ። መሃንድስን ፈላጥ ፊዚካን'ዩ ዝነበረ። ፋህረናይት፡ ኣብ ፊዚካን ተርሞሜትሪን ብምምርማር ህይወቱ ዘሕለፈ፡ በቲ ብደረጃ ፋህረናይት፡ ፋህረናይት ሃይድሮ ሜተርን ንፈለማ እዋን ሜርኩሪ ኣብ ቤትሮ ብምእታው ዘዳለዋ ተርሞሜተርን ድማ ስሙ ኣብ ታሪኽ ሳይነስ ገኒኑ ይጽዋዕ። ፋህረናይት፡ ከም ሰልሲየስ ካብ ተመራመርቲ ስድራ ዘይኰነ፡ ካብ ነጋዶ ስድራቤት'ዩ ዝተወልደ። ወለዱ ናይ ፖላንድ ዘርኢ ከም ዘሎዎም'ኳ ዝንገር እንተ ኾነ፡ ዝበዝሐ ህይወቶም ግን ኣብ ሆላንድ ከም ኣሕለፉ። ፋህረናይት ኣብ ሳይነስ ምርምር ንምክያድ ከንቅድ ዝደረኾ ዓቢ ፍጻመ ነበረ። ወለዱ መርዛም ቃንጥሻ በሊዖም ድሕሪ ህይወቶም ምሕላፉ፡ ኣብ ሳይነስ ግዜኡ ከሕልፎ ጀመረ። ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኤውሮጳ ብምዛር ኣጽኒዑ። ባሮሜተር፡ ኣልቲሜተርን ተርሞሜተርን ክሰርሕ ጀመረ። ኣብቲ ግዜ ብዝመኸኹ ንጥርሙዝ ዘቑሙ ባእታታት ተጠቒምካ ናብ ኩዕሶኣዊ ቅርጺ ዝቕይር ሞያተኛ ኰይኑ ይዓዪ ነበረ። በቲ ኣብ ደረጃ ዓቐን መጠን ረስኒ ዝገበሮ ኣበርክቶ ድማ ክሳዕ ሕጂ ይጽዋዕ ኣሎ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳጸ. 1284


### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ንሓቂ ንዘገልግል፡ ነገራት የገልግልዎ። ሰባት በቲ ዋና ገዛእ ርእሱ ዝኾነ ሰብ፡ ክምርሑ ወይ ክእለዩ ይደልዩ።"

- James Allen

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

## ዜና

# ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ 182 ተመሃሮ ብሰርትፊኬት ኣመረቓ




ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ብዓውድታት ሓፈሻዊ ስነ-ህንጻ፡ ጽርበት ዕንጸይቲ፡ ስርሓት ሓጺን፡ ጽርበት ሓጺን፡ ኤሌክትሮኒካዊ ዕዮ፡ ከምኡ'ውን ስርሓት ኤሌክትሪሲትን ዕረያ ማኪናን ዝምሃሩዎም 53 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከቡዎም 182 ተመሃሮ፡ ትማሊ 1 ሓምለ ኣመረቓ።

ርእሰ-መምህርቲ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ ሰመረ ወረደ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ንኽልተ ዓመት ክልሰ-ሓሳባውን ግብራውን ትምህርቲ ዝቐሰሙ ተመሃሮ፡ በጺሖም ዘለዉ መድረኽ፡ ሓላፍነት ገጹ ርእሶምን ሕብረተሰቦምን ዘለዎም ምኽኑ ብምግንዛብ፡ ኣብ ናይ ዕዮ ባይታ - ኣርኣያ ልዑል ጻዕሪ ትግሃትን ደስፕሊንን ክኾኑ ትጽቢት ከምዝግበረሎም ገለጸ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ሰዩም ድማ፡ ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዘመናዊ መምሃሪ መሳርሒታት ዓጢቓ ኣብ ጽቡቕ ቁመና ከምእትርከብ ጠቒሱ፡ ካብ ትምህርቲ ናብ ቦታ ዕዮ ምስግጋር ናቱ ፍሉይነት ዘለዎ መድረኽ ስለዝኾነ፡ ብቑዕ ምድላዋት ክገብሩሉ ኣዘኻኺሩ።

ወኪል ተመረቕቲ ድማ፡ መምህራኖምን ወለዶምን ንዝገበሩሎም ሓገዝ ብምምስጋን፡ ዕለተ መመረቕታ ዕለተ ረዚን ሓላፍነት ብምኳና፡ ብብቕዓት ከገልግሉ ዘለዎም ቅሩብነት ኣረጋገጹ።

ተመረቕቲ ብወገኖም፡ ንዝቐሰምኦ ፍልጠት ብስራሕን ምልውዋጥ ተሞኩሮን ብምምዕባል ኣብኡ ጻዕርን ለውጥን ክኸውን ከምዝጽዕሩ ገለጹም።

ኣብ 1954 ዝተመስረተት ቤት-ትምህርቲ ስነ-ኪነት ኣስመራ፡ ዛጊት ኣስታት ዓሰርተ ሽሕ ተመሃሮ ኣመረቓ ናብ ስራሕ ዓለም ኣዋፊራ ኣላ።

# ሰገነይቲ - ን37 ዜጋታት ዕዉት መብጣሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰገነይቲ፡ ካብ 22 ክሳብ 26 ሰነ ብዘተኻየደ ወፍሪ ምክልኻል ዕረት፡ መርመራ ካብ ዝተገበረሎም 300 ዜጋታት ን37 ዕዉት መብጣሕቲ ዓይኒ ተኻዪዱ።

መብጣሕቲ ዝተኻየደሎም ዜጋታት፡ 24 ናይ ሓበላ ዓይኒ፡ 8 ናይ ዓጽሚ ዓይኒ፡ 4 ምሕባእ ወሸጣዊ ክፋል ከበሮ ዓይኒ፡ ሓደ ድማ ናይ ቅርጺ ዓይኒ ምኳኖም፡ ኣብ'ቲ መብጣሕቲ ዝተሳተፈ ዶ/ር ብስራት ወልደገርግስ ገለጸ።

ሓላፊ ኮማዊ ሆስፒታል ድግሳ መንእሰይ ኤርሚያስ እሙን ብወገኑ፡ ንቲ መደብ ንምትግባር፡ ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ዘድሊ መጸናዕትን ምድላዋትን ከምእተገብረ፡ ኣብ'ቲ መብጣሕቲ ድማ ክልተ ክኢላታት ዶክተራት ዝርከብዎም 8 ሞያውያን ከምእተሳተፉ ሓቢሩ።

መብጣሕቲ ዝተኻየደሎም ዜጋታት ድማ፡ ሰለ'ቲ ዝተዋህቦም ነጻ ኣገልግሎት ሕክምና ብምምስጋን፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ደቡብ ናይ ዓይኒ ጸገማት ዘለዎም ዜጋታት ኣብ ከባቢኦም ኣገልግሎት ዝረኽቡሉ ዕድላት ንምፍጣር፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ዕዉት ወፍሪታት መርመራን መጥባሕትን ኣብ ንኡስ ዞባታት ጾሮና፡ ማይ-ዓይኒን ሰንዓፈን ምኻየዱ ዝዝከር እዩ።

## ሪፖርታዥ

# “ሕድሪ ሰማእታትና፡ ብጽንዓት ክነተግብር ኢና” ነበርቲ ኢስታንቡል

ኣብ ከተማ ኢስታንቡል - ቱርኪ ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ ብዓብን ብምዝካር፡ “ሰማእታትና ዝገደፉልና ዘኸርዕ ሕድሪን መብጽዓን ብመኸተናን ጽንዓትናን ክነተግብሮ ኢና” ክብሉ ቃሎም ኣሐዲሶም። እቲ ብጦንዲራ ኤርትራን ቅያ ስጡም መሰርዕ ዝብል ጭርሖን ዝማዕረገ መደብ ብዝክሪ ሰማእታት እዩ ጀሚሩ። ኣብ'ቲ መደብ ከኣ፡ ካብ ህጻናት ተረኺቡ፡ ሕድሪ ጀሚርካ፡ ብሕክምናን ካልእን ናብ'ታ ሃገር ዝመጹ ዝርከብዎም፡ ኣስታት 300 ኤርትራውያን ተሳቲፎም ነይሮም።

ዝ. ረዚን ዕለት ኣመልኪቱ ናይ ክብሪ ቆንስል ኤርትራ ኣብ ሃገረ ቱርኪ ኣቶ ሙሓዲን መሓመድ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ “ኣብ ቱርኪ ብፍላይ ድማ ኣብ ከተማ ኢስታንቡል እንርከብ ኤርትራውያን ከም ኣብ ካልእ ሃገራት ዘለዉ ዜጋታትና፡ ንሰማእታትና ዘለና ልዑል ክብርን ኣድናቖትን ንምግላጽ፡ ነዛ ዕለት ብክብ ዝበለ ድምቀት ክንዝክራ ብምኽኣልና ሓበን እስመዓና” ኢሉ።

ኣብ'ቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ክጎናጸፍን ልኡላውነቱ ኣውሒሱ ብዓወት ንኽፍጽሞን ዘሕለፎ ተጋድሎን ዝኸፈሎ ከቢድ ዋጋን ዘጽብርቕ ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ መሰናድኦታት ቀሪቡ ነይሩ።

ኣብ'ቲ ብስነ-ጥበበኛ ክብሮም ማእለለ እናተኣልየ ዝቐረበ ዝበረ መደብ፡ “ካብ መስዋእቲ ናብ መስዋእቲ” ዘርእስታ ሓጻር ዛንታ ብደራሲ ከሊፋ ሳልሕ፡ “ዘሐበን እዩ ታሪኽና” ዘርእስታ ግጥሚ ብፓሎ ዘፓራዳዝ፡ ከምኡ'ውን ኣቐዲማ ብስነ-ጥበበኛ ኤፍሬም ካሕሳይ (ወዲ ኳዳ) ዝተደርሰትን ዝተኣለየትን “ስርቀት ጹሓይ” ዘርእስታ ሞኖሎግ፡ ደጊማ ብስነ-ጥበበኛታት የሃና ጺጋይን ንያት ኣፈወርቅን ዝበላ ገለ ካብ'ተን ዝቐርባ እየን። ኣብ መደብ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ፡ ብኮጣሚ ሳሙኤል ገብረኣዶናይ ኣብ



ክፍሊ ኣምግሬሽንን ዜግነትን ዝቐረበት ከኣ፡ ደጊማ ናብ ተዓዛቢቲ ምቕራብ ከኣ፡ ንቲ መደብ ተወሳኺ ድምቀት ሂባቶ። ዲጄ ርበል ፍቓዱ እውን፡ ንሰማእታትና ዘዘኻኽር፡ መብጽዓና ከሐድስ ዝጽውዕ ዝተፈላለየ ዜማታት ኣሰንዩ ነይሩ።

እቲ መደብ ክጠ. ሰዓት 10 ናይ ምሸት ብሃገራዊ መዝሙር ኤርትራ እዩ ተዛዚሙ። ኣብ ከተማ ኢስታምቡል - ቱርኪ ዝቕመጡ ኤርትራውያን፡ ኣብ መዘወርቲ መርከብ ብምኳን “ቅያ ስጡም መሰርዕ” ብዝብል ቴማ፡ መበል 32 በዓል ናጽነት ኤርትራ ብዓብን ዘከርም ነይሮም እዮም።

ፓሎ ዘ ፓራዳዝ - ኢስታንቡል





## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤሮቢክስ |
| 09:30 | ፊዮሪና |
| 10:10 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ - ቀጥታ |
| 13:45 | ቀስተ ድሕነት |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ-ጻዕሪ |
| 17:30 | ስርሒት ባረንቱ 1985 |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:40 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ዉድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስነ-ጥበብ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ድራማ |
| 15:30 | ፊልም |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ካብ ዞባታት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ሌላ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ካብዝን ካብትን

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ኣርክቲክን ኣንታርክቲክን

ኣብዘ ንነብረላ ፕላኔት ምድሪ(ዓለም)፡ካብ ዘለዋ ሸውዓተ ኣህጉራት፡ እተን ብዋሕዲ ህዝበን ብጂኦግራፊያዊ ኣቀማምጣአን ተመሳሳልነት ዘለወን ክልተ ኣህጉራት፡ ኣርክቲክን ኣንታርክቲክን እየን። እዘን ኣብ ሰሜናዊ ጫፍን ደቡባዊ ጫፍን ክፋሊ ዓለምና ዝርከባ ኣህጉራት፡ ክፅሚ ኣብ ስመንን ኣቀማምጥአንን ዘለወን ተመሳሳልነት፡ ብኣንጻሩ'ውን ፍልልያት ኣለወን። ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዓለም ኣንታርክቲክ ማጠናዊ ከኣታት ኣየር ከቢ. ኣሉታ 49 ዲግሪ ሰንቲግረይድ እዩ፡ እዚ ድማ፡ ንኸቢ. ኣንታርክቲክ ካብ ዓለም ኣዝዩ ዝቆረረ ከቢ. ይገብሮ።

ሰሜናዊ ጫፍ ኣርክቲክ ድማ ክሳብ



ኣሉታ 34 ዲግሪ ዝኸውን ኩነታት ኣየር ዝውንን ከቢ. እዩ። ብዘውሳኺ.

ኣብ ታሪኽ ካብ ዝተመዝገቡ ኣደናቒቲ ፍጻመታት ሓደ፡ እቲ ኣብ 1983 ኣብ ከቢ. ኣንታርክቲክ ዝተመዝገበ ኣሉታት ኣሉታ 89 ዲግሪ ዝዋቕዑ ኩነታት ኣየር'ዩ። ልዕሊ. ፍርቂ ካብቲ ኣብ ኣርክቲክ ዝመኽኸ በረድ፡ ኣብ ግዜ ክረምቲ ብፍላይ ድማ ኣብ ወርሓት ሓምለን ነሓሰን እዩ። መጠን ምምኻኽ በረድ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዓለም ኣንታርክቲክ ዘይኮም ኣርክቲክ ብኣዝዩ ትሑት መጠን'ዩ ዝመኽኽ። እቲ ብሞያዊ ክፋል በረድ ዝተኸበ መሬት ኣርክቲክ፡ ልዕሊ. 90% ካብ ጠቕላላ ሰፍሓት በረድ ይሸፍን። ብዘውሳኺ. ኣሰታት ¾ ካብ ጠቕላላ ዓቕን መጠን ማይ፡ ኣብ መሬት ኣርክቲክ ብዝርከብ በረድ ተሸፊኑ ይርከብ። ብኣንጻሩ መሬት ኣንታርክቲክ መብዝሕትኡ ብጸበይቲ ኰታትን ብበረድ ዝተሸፈኑ ኣኽራንን'ዩ ተኸቢቡ ዝርከብ።

ልዑል መጠን ጋዘን ዘይትን ኣብ ደቡባዊ ክፋል ኣንታርክቲክ ይርከብ። ኣብ ኣርክቲክ ¼ ካብ መላእ ናይ ዓለምና ዘይቲ ይርከብ። መጸናዕታዊ ጽሑፋት ከም ዝሕብርዎ፡ ብዙሓት ዳህሰስቲ ኣብ ኣንታርክቲክ ምብጻሕ ዘየዱ ክኾኑ ከለዉ፡ ክሳብ ሎሚ ግን ህላወ ደቂ ሰብ ዘይብላ ክፍለ ዓለም'ያ። ሰሜናዊ ክፋል ዓለም ኣርክቲክ ግን ኣሰታት 4 ሚልዮን ህዝቢ. ዝነብረላ ኣህጉር ኩይና፡ ከም ኣላስካ፡ ብራውንን ገለ ክፋል ሩስያን ካብ ተጠቀስቲ ከተማታትን ቦታታትን ኣካል ናደዚ. ብበረድ ዝተሸፈነ ኣህጉር እያ።

## ጽልዋ እንዛረቦም ቃላት

እንዛረቦም ኣተባብዕቲ ቃላት፡ ንሓደ ሰብ ኣብታ ዘውዕላ መዓልቲ ሓይልን ልዕልናን ይህቦ። ብኣንጻሩ እንዛረቦም ኣሕዋቲ ቃላት ከኣ ዘይሓዊ መጉዳእቲ ኣብ ልዕሊ. ካልኦት ሰባት የሕድሩ። ኑቶም ክብጽሑ ዝሕሰቡ ባህግታት ይዕንቅፉ። ብዓበኡ ከኣ ህይወት ሰባት ከበላሹ ይኽእሉ። እንዛረቦም ኣሕዋቲ ከምኡ'ውን ኣጉዳእቲ ዘይብሎም ቃላት፡ ንሓደ ሰብ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ኣነኣኢሰ፡ ኑቲ ክህልዎም ዝኽእል ጽልዋ የጥፍኡ። ብኡ መንጸር ከኣ ንዕኦም ዝወሃብ ግብረ-መልሲ. ይቕይሮ። "ንፍሲ. ወከፍ ምኡዝ ቃል እንተ ትኸፈሉ፡ ንፍሲ. ወከፍ ጉዳኢ. ቃል ከኣ እንተ ትኸፍሉሉ ክንደይ መዋህለልኩም?" ክሰራኹምዶ ወይስ መኽሰብኩም ምበዝሐ?

ኣብ መዓልቲ ክንደይ ልዙባት ቃላት ትዛረብ? እዞም ቃላት ምስ ካልኦት ሰባት ኣብ ዘለካ ዝምድና ማዕረ ክንደይ ጸላዊ ዝኾኑ ምቅርራብ ከም ዝፈጥሩልካ ኣስተብሂልካዶ ትኸውን? ብዓበኡ ኣብ ውሽጥኻ ዝፍጠር ርግኣት ክሳብ ክንደይ ምዃኑ ኣስተማቒርካዮዶ ኣለኻ? ገሊኦም ሰባት በተን ዝተዛረብኻ ቃላት ሕማምካ ኩይኖም ክውዕሉ እንከለዉ፡ ብኣንጻሩ ገሊኦም ከኣ መድሃኒትካ ይኾኑ። ዕለታዊ ህይወትና፡ ኩለንተናዊ ሰብኣዊ ርክባትና ብዘርርብ ዝተዓብለለ እዩ። ፈላጣት ሰብ ልቦና፡ ኣሰታት 90 ሚእታዊት ናይ ዕለታዊ ርክባትና ብዘርርብ ዝተመልአ ምዃኑ የጸናኑ።

ስለዚ. ኩለንተናና ብቓላት ዝተመልአ'ዩ እንተ ተባህለ ምግናን ኣይኮውንን። ቃላት ናይ ጉዳኢ'ርእሶም ሓይሊ. ኣለዎም። ኑቲ ከመሓላለፍ እንደሊ. መልእኽቲ ድማ የንጸብርቑ። ቃላት መልእኽቲ ስምዒታትናን ርድኢታትናን እዮም ዝቐርቡ። እወታዊ ኩነ ኣሉታዊ ስምዒታት ከምኡ'ውን ርድኢታት ክህልውና ከኣ ባህርያዊ እዩ። ቃላትና በዚ. መንጸር ክጽለዉ. ንቡር'ዩ። ካብዚ. ኩነታት ብዝተቕልዐ ኣብ እንዛረቦ ቃላት፡ እወታዊ ወይ ኣሉታዊ ኩነታት ምስ ካልኦት እንፈጥር። ቃላትና ኑቲ ዘለናዮ ኩነታት ዝውክል ዋላ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ መልእኽትዮም ንኸልኦት እዩ። ጸቡቕ ትብል እንተለኻ፡ ኑቲ ሰማዒ. ጸቡቕ ትህብ ኣለኻ። ሕማቕ ትብል እንተለኻ ድማ፡



ኑቲ ሰማዒ. ሕማቕ መልእኽቲ ኢኻ ትህብ ዘለኻ።

"ኣመናየ ተሓጉሰ ኒደረ። እንታይ ይዛረብ ከም ዝበርኩ'ውን ኣይርድኣንን'ዩ" ዝብል ኣዘራረባ ቀጻሊ.'ዩ ዝሰማዕ። ናብ ንቡር ምስ ተመለስካ፡ ቃላት ከም ዝዘከሩ ምርዳእ ግን የድሊ። ኣብ መውዳእታ ምስ ህጻናት እንጥቀመሉ ቃላት ሕልፊ ካልኦት ኣብ ኣእምሮ ዝዓቢ. ከምኡ'ውን ዝነብር እዩ። ንሓደ ህጻን እትብሎ ቃል ምስኡ ይዓቢ. ክሳብ ዘሎ ድማ ምስኡ'ዩ ዝነብር። ኣብ ኢጋጥምታት ዝርአ ሕርቃን ኣብ ዝርከቡሉ እዋን ዝብሃሉ ቃላት ሰምብራቶም ቀሊል ኣይኮውንን። ምልስ ኣልና ብዘዕባና እንተ ሓሲብና እቲ ሓቂ ኣብኡ እሎ። ነተን ምኡዛት ቃላትዶ ንዝክር ነተን ዝጐድኣና ሕማቓት ቃላት? ኣብ ህይወት ናይ ካልኦትካ ብኸመይ ክንዝከር ንደሊ.?

## ካብ ግኑናት ፈስቲቫላት ዓለም

ኣብዚ. እዋን ጽኑዖም ካብ ዘለዉ. ልምድታት ዝበዝሑ ሓያሎ ኣገረምቲ ፈስቲቫላት ኣብ ዓለምና ይካየዱ'የም። ገለ ካብኣቶም፦

• ፈስቲቫል ዳርባ ብኣራንሺ፦ ኣራንሺ. ኣብዚ. እዋንዚ. እቲ ብቐሊል ዋጋ ኣብ ዕዳጋ ዘይትረኽቦ ዓይነት ፍሩታ እዩ። ኣብ ኢብሪራ እትብሃል ከተማ ኢጣልያ ግዱ ቅድሚ ሚእቲ ዓመታት ኣቢሉ ዝጀመረ ዓመታዊ ኣብ ወርሒ. ለካቲት ዝካየድ ብኣራንሺ. ናይ ምትህርራም ፈስቲቫል ኣሎ። ኣብዚ. ብኣራንሺ. ዝካየድ ዳርባ እቲ ዝጥቀሙሉ ኣራንሺ. ብኻራ ዝተቖርጸ'ዩ። ኢጋጥሚ ኩይኑ እንተ ተዛሲኻ ግና ብድሕሪኡ ሕነ ምፍዳይ ወይ ኑቲ ዝሃረመካ ፈሊጥካ ብዓይኒ. ጽልኢ. ምርኣይ፡ ኣብኡዶም ኣካየድቲዚ. ፈስቲቫል ቅቡል ኣይኮነን። እቲ ፈስቲቫል ኣብ ከተማ ኢብራ ዝርከቡ ኢጣልያውያን ጥራይ



ይዝውተር። ኣብቲ ፈስቲቫል ካብ ሓያሎ ከባቢታት ዝተኣከቡ መንእሰያትን ዓበይትን ይሳተፉ። እዚ. ፈስቲቫል ፍሉይ ዝገብሮ፡ እቶም ተሳተፍቲ ብፕላስቲክ ማርቴሎ ክዘበጡ ዝውዕሉ ምዃኖም'ዩ። ክሳብ ሕብራዊ መብራህቲ ዘኪይድዎ ልምዲ'ዩ።

• ፈስቲቫል ቅዱስ ጆን፦ ኣብ ምሉእ ኤውሮጳ ዘይዝውተር ይኹን'ምበር ኣብ ዓለም ግና ካብቶም ኣገረምቲ ልምድታት ፈስቲቫል ተባሂሉ'ዩ ዝፍለጥ። ዓመት መጸ ኣብ 24 ሰነ ዝካየድ ኩይኑ፡ ኣብ ደንማርክ፡ ኖርወይ፡ ሽወደንን ፊንላንድን ዝኣመሰለ ሃገራት ዘውልዓሎም ኩሉ እናሰሓቑ ክዘበጡ ይውዕሉ። እቲ ፈስቲቫል ኣዝዩ ኣዘናጋዒ'ዩ።

• ፈስቲቫል ቅልስ ኣጣማል፦ ኣብ ወርሒ. ጥሪ ናብ ቱርኪ. እንተ ተጓዒዝና ሓደ ፍሉይ ቅልስ'ዩ ኣብ'ቲ ፈስቲቫል ዘጓንፈና። እዚ. ዓመታዊ ኣብ ሳልሰይቲ ሰሙን ወርሒ. ጥሪ ኣብ ከተማ ሰልኩክ - ቱርኪ. ዝካየድ ቅልስ፡ ካብቶም ኣብ ዓለምና ዝሰይቲ ዓይነት ፈስቲቫላት ምዃኑ'ዩ ዝንገር። ኣብቲ ፈስቲቫል ሓያሎ ባህላዊ መግቢታትን ብቐጥታ ብቴለቪዥን ዝመሓላለፍ ሳዕስዒታትን ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ መወዳእታ ቅልስ ተባዕትዮ ኣጣማል'ዩ ዝቐርብ። ዝኾነ ሰብ ከኣ ኣብቲ ፈስቲቫል ካብ ዝቐርብ ዝተፈላለየ መደባት፡ ኑቲ ቅልስ ኣጣማል'ዩ ብሃንቀውታ ዝጸበዮ። ኣብቲ ቅልስ ሓደ ገመል ኑቲ ሓደ ምስ ዝሃድመሉ፡ ዋናኡ ንኸይሃድም እናኸልከለ ኑቲ ቅልስ ከም ዝሕይል ይገብሮ። ኣጣማል ኣብ ዝቃለሱሉ ከም ናይ ኣበውር ቀልጠፍም ስለ ዘይተሃስዩ እቲ ጸወታ ንሃዋሕ ሰዓታት የዘናግዖ።

## ብዛዕባ ሓጐስ



ክትሕጎስ ምእንቲ፡ እንታይ ክትረክብ ኢኻ ትደሊ.? ባህ ዝብለካ ስራሕ ምርካብ ደዩ ዘሐጎሰካ ወይስ ዘይተኣደነ ገንዘብ? ተፋቓሮ መጸምዲ. ምርካብ ደዩ ሓጎስ ዝህበካ ዋላስ ፍቕሪ ቤተሰብካ'ዩ ምንጪ. ሓጎስካ...? ብዛዕባ ሓጎስን ሕጉሳት ሰባትን ብዙሕ ተባሂሉ'ዩ። ክትሕጎስ እንተ ደለኻ፡ ከምዝን ከምትን ግበር፡ ከምዝን ከምትን ኣይትግበር እናበልካ ደሩቓት ሕግታት ከተውጽእ ዘይከኣል'ኳ እንተኾኑ፡ ፍጹም ዘየዛርብ ኣርእስቲ'ውን ኣይኮነን። ቀደም ዘመን ደቂ ሰብ ጓሂን ጭንቀትን ዘይፈልጡ ፍጹም ሕጉሳት ፍጥረት ነይሮም ይበሃል። እቲ ምኽንያት ከኣ ክፉእ ሓሳብ ስለ ዘይነበሮም እዩ። ንሰብ ንምብዳል ወይ ሕነ ንምፍዳይ፡ ሓሳባት ከውርድ ከይደብ ውዲት ክኣልም ከይደቀሰ ዝሓደረ ሰብ ከመይ ኣቢሉ ንሓጎስ ክረኽብ ይኽእል። ብርግጽ ደቂ-ሰብ ንገዛእ ርእስና እንተፈሊጥናያ ኢና ንሓጎስ ክንረኽብ እንኽእል። ደቂ-ሰብ ንውሽጥና እንተ ዘይፈሊጥናያ፡ ንሓጎስ ካብ ውሽጢ. ሰራውር ደምን መዓምቑ ልብን ከመይ ኣቢልና ንረኽቦ፡ ከም ውጽኢቱ እዚሆ ደቂ ሰብ ክሳብ ሎሚ ኑቲ ኣብ ውሽጥና ተቐቢሩ ዘሎ ሓጎስ ከፍናዲ. ዘይንድይቦ እምባን ዘይንንቁቶ መዓምቑን ከቶ የልቦን።

### ጥቕስታት

• "እቶም ብዋዜ ቐትሪ ዝሓልሙ ካብቶም ብዋዜ ለይቲ ዝሓልሙ ዝፈልየም ሓደ ነጥቢ. ኣሎ። እቶም ብዋዜ ቐትሪ ዝሓልሙ ኣብቲ ናይ ሕልሚ ድራማኦም ብርድኢት እዮም ዝዋስኡ።" - **ዊልያም ፎክነር**

• "ህይወት ብጸወታ ካርታ ክምሰል ይኽእል'ዩ። እቲ ዝዕደለና ካርታ ከም ዕጫና፡ ኑቲ ካርታ ምስ ሓዝናዮ ግን ከም ምርጫና።" - **ጃዋህራል ኔህሩ**

• "ኣብ ዓለም እቲ ዝዓበየ ሃገር ካብ'ታ ዘላትካ ንእሾቶ ሃገር ዓቢ. ምዃት ምፍጣር እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**

• "እቲ ዘሕዝን ሃገር ናይ ጥልመት፡ ካብ ጸላኢና ዘየጥመና ዘይምዃኑ እዩ።" - **ዘይተፈልጠ**

• "ቅድሚ ሕጂ ኣብ ህይወተይ ብዙሕ ግዜ ስለ ዝተጋገኹ'ዩ፡ ሎሚ ዕዉት ኩይነ ዝነበር ዘለኹ።" - **ማይክል ጆርዳን**

• "ዓወት ወጽኢት ጻዕሪ፡ እኹል ምድላውን ካብ ጌጋኻ ምምሃርን'ዩ፡ ካልእ ምስጢር የብሉን።" - **ዘይተፈልጠ**

"ኣብ ዓወት ክትበጽሕ እንተደሊ.ኻ፡ንውድቀት ከይፈራሕካ ፈተነታትካ ቀጽል።" - **ዘይተፈልጠ**

### ኣገረምቲ ሓቅታት

• ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ኣህጉር፡ ሮማ ትብሃል ከተማ ኣላ።

• ህንዲ. ኣብ ውሽጢ. ናይ ዓሰርተ ሽሕ ዓመታት ታሪኻ ንዝኾነት ካልእ ሃገር ወሪራ ኣይትፈልጥን።

• ሸድሸተ መሓውር ካብ ዘለዎም እንስሳታት፡ ድዱዕ እቲ ዝቐልጠፈ. እንስሳ'ዩ። ኣብ ውሽጢ. ሓንቲ ካልኢት ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ክሸፍን ይኽእል።

• ኣብ ጥንታዊት ግብጺ፡ ሓደ ሓኪም መብጣሕቲ እናካየደ እንከሎ እቲ ሕሙም እንተ ሞይቱ፡ እቲ ሓኪም ኣእዳዉ. ይቑረጽ ነበረ።

• ተመን ዋላ ክድቅስ እንከሎ፡ ዓይኑ ኣይከድንን እዩ።

• ሓደ ሰብ ኣብ 18 ዕድሚኡ፡ ዕበየት ሓንጎሉ ደው ይብል።

• እታ እንኮ ብምዕራባውያን ዘይተገዝአት ደቡብ ምብራቓዊት ሃገር ታይላንድ እያ።

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ምጽማም ተላመድ

ዋላ ኣብቲ ብኸያት ዝዕድም ህሞት ንኸይትበኪ ምቅሳስ ተላመድ። ንኸይትሓምቅ ልምምድ ምግባር ስለ ዝኾነ ግድን እዩ ሓደ መዓልቲ ሓያልን ኩነታት ዘየሰንፎን ሰብ ክትከውን። ብዙሕ ንወሸጦኻ ዘድማዕ ንሕልናኻ ዝነድእ ከምኡ'ውን ገዕዞኻ ዘሰናኽል ኣጋጣሚታት ይገንፈልዎ፡ ሽዑ ኣብቲ ኩነታት ምሉእ ብምሉእ ተዋሒጥካ ስለ ዘለኻ ካብቲ ቃንዛን ውድቀትን ዝወጻእ ኮይኑ ኣይስመዓካን እዩ። እንተኾነ ኣብ ከምዚ ኩነታት ኩርናዕ ጠሙቶኻ ካብ ናብ እናቐያየርካ ከተስተብህል ምስ እትፍትን ግድን ንወሸጦኻ ዘበራትዕ መጉዲ ብጋህዲ ክትርኢ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ዓለም እቲ ዝኸፍአ ነገር ከም እምኒ ኣብ ዘለኻዮ ደረጃ ደሪቕካ ምትራፍ እዩ። ብኣንጻሩ እንተገደደ ፍሕትሕት ክትብል ብምፍታንካ ጥራይ ኢኻ ቀጥ ኣቢሉ ሐዚኻ ዘሎ ዕዝቅቲ ጭንቀት ቀስ ብቐስ ስሊኽካ ክትወጽእ ኣይክትጸገምን ኢኻ።


ኣብዛ እንነብረላ ምድሪ ፈጺሙ ሕማቕ ዝበሃል ሰብ የለን። እንትርፎ ሕማቕ ኣጋጣሚ ዝቐየሮ ሰብ፡ ብዘይካዚ ኣነ ሕማቕ እየ ኢሉ ዝኣምን ሰብ ማእለያ የብሉን። ኑቲ ንፉዕ'የ ኢሉ ዝኽፍዐ ሰብ ግና፡ ንጽምብል ዓወቱ ሰብት ዓዲሙ ስለዘብዕል፡ ኩሉ ሰብ ሞራል ይህቦን ብሓሳቡ ይሕግሰሉን። ብኸሉ ሰብ ድማ በቲ ዘየደዱ ጻዕሪ ንፉዕ ምኻኑ ይምስከረሉ። ንሱ ግና ካብዮም ብዙሓት ሓደ ሰብ እዩ። ዝ ሰሚ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃ ንኽረጋግጽ ንሕማቕ ኣጋጣሚታት ሰጊሩ እዩ ኣርኢያ ናይ ጸቡቕ ኣብነት ክኸውን በቒዑ። እቶም ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ልዑል ናይ ምምርማር ተመክሮ ዘጥረዩ ክኢላታት ዝ ኣመልኪቶም፡ "እዚ ሰብ ተዓዊቱን ተለዊጡን ንብል ኣለና። እንተኾነ ንምንታይ እየም ካልኦት ሰባት ከምኡ ንፉዓት ክኾኑ ዘይፍትትዎን ተበጊሶ ክወስዱ ዘይረኣዩን?" ክብሉ'ዮም ዝዘረቡ።

ገለ ሰባት ኣብ'ቲ ይነብር እዩ ዝበልዎ ናብራ ክኣብሩ ምስ ጀመሩ፡ ብኡ ኣቢሎም ንኸሉ ከም ዘለዎ ተቐቢሎም ክቕጽሉ ይኽእሉ። እዚ ማለት ድማ ልዕሊ'ቲ ዘለውዎ ደረጃ ዝዝበር ኮይኑ ስለ ዘይስመዖም፡ ኣብታ ዘለውዋ ደረጃ ኮይናም ኑታ ዝለመድዋ ከይስእኑዋ ብምሕላን ንህይወት ከምዘላታ ክቕበልዋ ይግደዱ።

ገለ ድማ ኣብ ገዕዞኦም ንእሽቶ ነገር ምስ ኣበርክቱ፡ ጸጥቓኦም ኣትሒዞም ክርኢዮዎ ስለዝጸንሖ፡ በቲ ሃንደበታዊ ነገር፡ ነብሶም ክሳብ ክንደዚ ዝኸይድ ብቐዓት ከተበርክት ስለ ዘይጸበይዎ ብኾነታታ ይሰንብዱ። በዚ ማስረት ኑቲ ምግራም ክሳብ ዝለማመድዎ ካብታ ለውጢ ዝረኣዩላ ግዜን ዝኸሪን ፈጺሞም ምንቕ ኣይብሉን። ወትሩ ዝዘበርዎ እናዘከሩ ኣብ'ታ ዘለውዋ ደረጃ ብምጒን ግዜ ይቕትሉ።

እቶም ብሳልሳይ ደረጃ ዝሰርዑ ዓይነት ሰባት ድማ፡ ዝተራሕወ ኣፍደገታት የማዕድዉ'ሞ፡ ዝተዓጽወ ምስ በዝሐ ዓቕሎም ከጽብቡ ይረኣዩ። ኣብ ከምዚ ኩነት ካብቲ ብዙሕ ሓንቲ ዝተኸፍተት ማዕጾ ምስ ዝረኸቡ፡ ብቕልጡፍ ኣትዮም ጉጅዖም ከሳልጡ ይሽባሸቡ። እንተኾነ ነገራት ከም ትጽበዮም ስለ ዘይጸንሕዎም ድፍረቶም ብሕፍረት ክድኑበሶዎ ይግደዱ። በዚ ማስረት ኑታ ዝፈተኑላ መዓልቲ እናረገምዋ ይነብሩ። ዝ መደምደምታ ዝኾኑ ክኢላታት ስነ ሕብረተሰብ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ህይወት ንዘጋጥሙ ሕማቕ ኣጋጣሚታት ከም መማሃሪ ደኣ ክንጥቀመሎም ኣለና እምበር፡ ንሰንፍናና መሸፈኒ ክንገብሮ ብምፍታን "እዚ ደኣ ከቢድ እዩ" ኢልካ ምሕላፍ ናይ ነገር ድሓን ከም ዘይኮነ የመልክቱ።

ካብ ፍጡራት እዛ ምድሪ ካብ ሰብ ዝሕይልን ዝበልሕን የለን። ምኽንያቱ ቀልጢፉ ክላዘን ዝኽእል ልቢን ከስተውዕል ዝኽእል ኣእምሮን ስለ ዘውንን። በዚ ምኽንያት ናይ ስምዒት ህዋሳት ገይርካ ድማ ብምዝዛናውቶት ናብራኻ ከተዐሪ ትኽእል። ዝ ንኽትገርብ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓስ ህይወትካ ዘጋንፈካ ዘሕዝን ኩነታት፡ ብርግኣት ተቓለሶ። ከምዚ ብምግባርካ ኣብ መወዳእታ እቲ ቀዳማይ ዕላማ ገይርካ ትጽዕረሉ ዘለኻ መደብ ተግባራውነቱ ኣይክጠራጥረካን እዩ። ሓደ መሰረታዊ ነገር ግና ወትሩ ክትዝክር ኣሎካ። ንሱ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ግዜን ኩነታትን ምጽማም ተላመድ።




ቤተልሄም ስመረ ካብ ኣስመራ

## ንፍሸኽታ

ሰበይቲ= ካብ ሰሚ ማስተ ኣቋርጽ!
ሰብኣይ= ሜክኣፕ እንተ ኣቋሪጽክዮ ደ?

ሰበይቲ= ክጽብቐልካ ኣይትደልን ዲኻ?
ሰብኣይ= ኣነ እውን'ኮ ጽብቕቲ ኮይንኪ ክትረኣዪ ኢለ'የ ማስተ ዝሰቲ።

## ንልቦና

"መወዳእታኻ ብሓደ ለይቲ ክትልውጦ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ኣንፈትካ ግን ክትልውጦ ትኽእል ኢኻ።" **ጂም ሮን**

"እቶም ንውድቀት ብትብዖት ዝገጥሙ ሰባት ዝያዳ ዓወት ናይ ምጉንጻፍ ዕድል ኣለዎም።" **ጆን ኤፍ ከኔዲ**

"ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝበለጸ ተግባር ምስራሕ፡ ኣብ ዝመጽእ ኩነት ኣብ ዝበለጸ ቦታ ክትህሉ የኽእል። **ኦፕራ**

"ንሸኹ ኣነ ፍሉይ ብምኻነይ ኢኻ ትስሕቁኒ ዘለኹ። ኣነ ግና ብኣንጻሩ ምስ ኩሎም ሰባት ሓደ ብምኻንኩ'የ ዝስሕቐኩ።" **ሌዲ ጋጋ**

"ጽላሎት ክህልወካ እንተዘይ ክኢሉ፡ ኣብ ብርሃን የለኻን ማለት እዩ።" **ሌዲ ጋጋ**

"ኣብ ግዜ ሽግር፡ ካብቲ ኣብ ቅድመኻ ዘሎ ዓቢ ጎቦ፡ ኣብ እግርኻ ዘሎ ጸጸር እዩ ዝኸፍኣካ።" **መሓመድ ዓሊ**

## ኣደነቕቲ ሓቅታት

- ኣብ ዓለም ዝነውሐ ተንጠልጣሊ ድልድል ተባሂሉ ኣብ መዝገብ ክብረ



ወሰን ዓለም ሰፊሩ ዘሎ 'ኣካሺ ካኪዮ' ኮይኑ፡ ኣብ 5 ሚያዝያ 1998 እዩ ተሰሪሑ። እቲ 3911 ሜትሮ ንውሓት ዘለዎ ድልድል፡ ኑቲ ኣቐዲሙ ብንውሓቱ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝነበረ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝርከብ ድልድል ሃምበር ብ580 ሜትሮ ንውሓት ዝሓልፎ ምኻኑ እዩ ዝነገር።

- ምስ ደቂ-ሰብ ካብ ዝነብሩ ደማሙ እቲ ዝነውሐ ዕድመ ዝነበረ ተባሂሉ ዝፍለጥ ድሙ፡ ግራንድፓ ይበሃል። እዚ ተባዕታይ ምኻኑ ዝተነገረሉ ድሙ፡ ን34 ዓመታትን ክልተ ወርሒን ኣርባዕተ ሰዓታትን እዩ ብህይወት ነቢሩ።

- ኣብዚ ግዜ'ዚ ዳዊ ዝጥቀሙ ማለት፡ ኩነታት ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወቶም እናመዝገቡ ዝሰዱ ሰባት ብቑጽሪ ብዙሓት ምኻኖም እዩ ዝንገር። ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ተረኺቡ ዘሎ ሓብሬታ ከም ዘረጋግጾ፡ ገይና ብንእሱ ማለት ካብ ወዲ 12 ዓመት ኣትሒዙ ኣብ ዳዊ ብምጽሓፍ ን91 ዓመታት ዝቐጸለ ኣፍሪቃዊ ሰብኣይ ሬቨርድ ሰይዱ ከምዝሎ የመልክት። እቲ ኤርጌስት ክምዝገቦ ጸኒሑ። በዚ ማስረት ዝ ደረጃ'ዚ ዝበጽሐ ሰብ ክርከብ ብዘይ ምኽኣሉ ክሳብ ሎሚ ዝደፍሮ ሰኢኑ ይርከብ።

- ኣብ ዓለም ካብ ዘለዉ ዝዓበዩ ቤት ጽሕፈታት ምስ ቀዳሞት ዝጥቀስ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ኣመሪካ ማለት ፔንታጎን እዩ። እዚ ህንጻ ክልተ ዕጽፊ ካብቲ ኣብ ቺካጎ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት መርቻንዳይዝ ማርት ዝዓቢ ክኸውን እንከሎ፡ ሰለስተ ዕጽፊ ናይቲ ኣብ ኒው ዮርክ ዝርከብ ኢምፓየር ስቴት ቢልዲንግ ዝዓቢ'ውን እዩ።

- ኣብ ኣመሪካ እቲ ዝጠንከረ ህዝባዊ መናፈሻ በስቶን ኮሞን ተባሂሉ ይጽዋዕ።

- ኣብ ዓለም ብንውሓቱ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ጎደና፡ የንግ ስትሪት ይበሃል። እዚ ኣብ ካናዳ ዝርከብ ጎደና፡ ካብ ቶሮንቶ ተበጊሱ ብሰሜን ገምገም ቀላይ ኦንታርዮ ኣቢሉ፡ ንሰሜን ብምቕጻል ክሳብ ምዕራብ ኦንቶሪዮን ዶብ ሚኒሶታን ይበጽሕ። የንግ ስትሪት 56 ኪሎ ሜተር ንውሓት ኣለዎ።

## ምስላ ንደለይቲ ልቦና

ሂቡ ዝኸልኣ፡ ፈትዩ ዝጸልኣ፡ መለኡ ዘይመልኣ።

ንዘይህቡኻ የወናወኑኻ፡ ንዘየኽብሩኻ የጠምሩኻ።

በበሃገሩ ብዙሕ እዩ ነገሩ፡ በበፍሱ ብዙሕ እዩ ባህሩ።

ልቢ ወላዲ ይብል ቀጥቀጥ፡ ልቢ ወሉድ ይብል ቀጥ።

ልኡኽ ዝበልዎ ይዛረብ፡ በቕሊ ከም ሕዙብ ትሰዓር።

ዝልእኽ ኣይከም ኣፉኡ ዝሓከኽ ኣይከም ኢዱ።

ዝሓመቐ መእወዪ፡ ጭዋ መዛንተዊ።

መልክዕን መንደልን ምሳርን ሓኽሊን ስምምዕን ልክዕ።

## ከምዚ'ውን ኣሎ

ጃኪ በበይ ዝተባህለ ሰብኣይ፡ ኣብ ዓለም ፍሉይን ዘይንቡርን ንጥፈታት ብምኽያድ ክሳብ ሎሚ ስሙ ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ኣሰፊሩ ዘሎ ኣመሪካዊ እዩ። ተቐማጢ ቴክሳስ በበይ፡ ኣብ ሓደ ጋብላ መሕጸቢ ሰብነት ምስ 87 ኣትማን ን45 ደቒቕ ብዘይ ዝኾነ ጸገም ክጸንሕ ድሕሪ ምኽኣሉ እዩ ኣብ'ዚ ዓለማዊ ክብረ ወሰን ክሰፍር ክኢሉ ዘሎ። ንሱ፡ "እቶም ኣትማን ገሊኦም ብትሕቲ ቅልጽመይን ሰለፈይን እናተንቀሳቐሱ፡ ገለን ድማ ናብ ደስ ዝበሎም ክፋል ኣካላተይ እናተመሓላለፉ እየም ዝወሳወሱ። ኣነ ከኣ ኣብ ግዜ ምሕጻብ ኣካላተይ ንኸይጸቕጦም ጻዕሪታት ከካይድ እንተዘይ ኮይነ፡ ዛጊት ክጻብኣኒ ኮነ ክነኽሰኒ ዝፈተነ ተመን ኣይነበረን" ብምባል ኑቲ ሃዋህው ይገልጽ። ዋላ እኳ ገለ ኣትማን ካብቲ መሕጸቢ ሰብነት ክወጹ ፈቲኖታት የካይዱ እንተነበሩ፡ ብዘይካቶም ንኸይወጹ ዝኽልክልዎም ዝነበሩ ሰባት፡ ኣብቲ ጋብላ ኣቐዲሙ ንምውጽኦም ዝፅንቅጽ ፈሳሲ ተገይሩሎም ከምዝነበረ ተዓዚቢቲ የረድኡ።

ኑቲ ፍጻመ ዝተኸታተልዎ ወገናት ብጉዳዮም፡ በበይ ብኣትማን ክነኽስ ዘይክኣለሉ ምኽንያት፡ ገለ ጥቡብ ተጠቒሙ ክኸውን ከምዝኽእል እዮም ዝምጉቱ። እንተኾነ በበይ ኑቲ ፍጻመ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ብዘይካ ተጠንቂቐ ክንላበጥን ኣካላተይ ኩሓጽብን ከምኡ'ውን ካብ ናብ ክፋል ኣካላተይ ከም ደስ ታኦም ክንቀሳቐሱ ናጻ ክገድፎም ብምኽኣለይ እንተዘይ ኮይኑ፡ ካልእ ዝፈተንኩሉ ሜላ ኮነ ዝተጠቐምኩሉ መድሃኒት የለን" ይብል። ንሱ ወሲኹ "ንኣካቶድኒ መዝገብ ክብረ ወሰን፡ ዚ መደብ ናይ ምስልሳል ባህሊ ከምዘለኒ ምስ ሓበርክዎም፡ ኣባላቶም ክሰዱለይ እየም ክኢሎም። በዚ ማስረት፡ ኣቐዲመ ኣብቲ ጥርሑ ዝነበረ መሕጸቢ ሰብነት ኣካላተይ ብምጉዳም፡ ኑቶም ብዙሓት ዝነበሮም ኣትማን ኣብ ልዕለይ ከምዘፍዩዉ ተገይሩ" ብምባል ኑቲ ኣጋጣሚ ይገልጽ። በበይ ብዘይካ'ዚ፡ ኣቐዲሙ ኣብ መዝገብ ክብረ ወሰን ክሰፍር ዝኸኣለ በዓል ድንቂ ክእለት ሰብኣይ እዩ። ንሱ ዝሓለፈ እዋን ንዓሰርተ ኣትማን ብጭራኦም ኣብ ኣፉ ብምውታፍ ከንጠልጥሎም ድሕሪ ምኽኣሉ እዩ ተፈላጥነት ረኺቡ ጸኒሑ።

በበይ ኣብ መወዳእታ፡ ስለምንታይ ከምዚ ክትገብር ፈቲኻ ተባሂሉ ምስ ተሓተተ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ "ኣቓልቦ ሰባት ምስሓብ ካብ'ቲ ኣገዳሲ ዝምስጠኒ ባህርያይ እዩ። በዚ መንገዲ ኣቢሉ ስመይ ኣብ ማዕከናት ዜና ወትሩ ክደጋገምን ክለዓልን እንከሎ ዝስመዓኒ ሓጎስ ድማ መዳርግቲ የብሉን። ብሓፈሻ ንወሸጣዊ ሓጎሰይ ንምምላእ ፍሉይ ነገር ካብ ምስራሕ ገና ኣይክዕግብን እየ" ይብል።



ምልክታ
ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ


ASMARA MINING
SHARE COMPANY

ASMARA M Asmara, Eritrea
INING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Electrical, Control and Instrumentation (EC & I) Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- To provide Electrical, Control & Instrumentation support to the Project in order to protect the Technical/Engineering interests of the Company.
- Ensuring that AMSC's interests in terms of project related Construction issues are optimized.
- Given the high value of the Project (Circa $600m) and the technical complexity of the Project a dedicated Engineering resource is required.
- Provides input/comments on EPC Contractors Electrical, Control & Instrumentation Designs
- Report to the Construction Superintendent on progress updates relating to Electrical, Control and Instrumentation Construction progress.
- Checks and verifies the EPC Contractor's quality relating to Electrical, Instrumentation & Control Engineering.
- Monitor's EPC Contractor compliance with AMSC safety standards.
- Attends daily/weekly meetings with EPC Contractor staff on site to review progress.
- Monitor's/controls EPC Contractor Schedule Electrical, Instrumentation & Control construction progress and takes corrective action if required.
- Provides Technical input into material and equipment selection.
- Verifying scope completed and quantities executed relating to Electrical, Instrumentation & Control –EPC Contractors Interim Payment Certificate.
- Assisting/guiding EPC Contractor in preparing recovery plans relating to Electrical, Instrumentation and Control Construction.
- Reviews and recommends for approval Electrical, Instrumentation & Control design changes proposed by EPC Contractor.
- Ensures that Contractor Electrical, Instrumentation and Control engineering material is fit for purpose and complies to Contract specifications.
- Refine and adopt the company's existing Electrical, Instrumentation & Control engineering procedures and/or develop new engineering procedures.
- Perform other duties instructed by Construction Superintendent.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Bachelor's Degree in BSc Electrical or Instrumentation Engineering
- Registration as Professional(preferred)

Working Experience – Nature & Length

- Minimum 10 years' experience as an Electrical/ Instrumentation Site Engineer preferably in Mining sector

Leadership Experience – Nature & length of time

- Minimum 5 years' experience managing EPC Contractor Electrical/Instrumentation scope

Other skills and abilities

- Extremely detail-oriented, proactive, and organized with strong on site management skills.
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.
- Knowledge of Quality procedures –Electrical/Instrumentation & Control Engineering.
- High level of initiative.

General Information and other requirements:

| | |
|---|---|
| Place of Work: | Asmara Office & AMSC Sites |
| Type of contract: | Indefinite Period |
| Salary: | As per the Company salary scale |

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

Address: Please mail your applications to;
Asmara Mining Share Company,
P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea

Note to Non-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
Aliens Employment Permit Affairs,
P. O. Box 7940 Asmara, Eritre



### ምልክታ ጨረታ

ኩባንያ ዕደና ቢሻ ኣብ ዕደና ዝጥፍኡ ትካል፡ ንሰራሕተኛታቱ ዘቐርብ ንዑመት (ዓሰርተ ክልተ ወርሒ) እንቋቖሖ ሆላንደን ሓበሻን ካብ ቦታ ስራሕኩም ክዕድግ ስለዝደለየ፡ ንዅሉ ንግዶ ንጨረታ ይዕድም፡

ግዱሳት ተጫረትቲ ከማልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታት፡

1. ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቓድን ኤርትራዊ ወረቐት መንነትን የድሊ።
2. ምልክታ ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ን10 መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ኣብ መበል 11 መዓልቲ ንግሆ ሰዓት 10 ቅ/ቀ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብዘለዉሉ ኣብ ኣዳራሽ ኩባንያ ዕደና ቢሻ ቤ/ጽ ኣስመራ ይኽፈት። ተጫረትቲ ወይ ወከልቶም እንተዘይተረኺቦም፡ ናይ መጫረቲ ወረቐቶም ውዱቕ ይኸውን።
3. ናይ መጫረቲ ወረቐትን ካልእ ዘድሊ ሓበሬታን ካብ ቤ/ጽሕፈት ኩባንያ ዕደና ቢሻ ኣስመራ ፊት ሰላም ሆተል ክትወስዱ ትኽእሉ።
4. ተጫረትቲ ዝደለ ዋጋታቶም መሊኦም ኣብ ሰታሪት ዓሺጎም ኣብ እዋን ሰዓታት ስራሕ ኣብ ቤ/ጽ ቢሻ ዝርከብ ሳንዱቕ ጨረታ ናይ ዝውዳደሩሉ ዓይነት ማለት እንቋቖሖ ኣለኩም። ኣብ ልዕሊ ሰታሪት ጽሒፍኩም የእትውዎ።
5. ንተወሳኺ ሓበሬታን መግለጽን ብተሌ ቁ/ 124941 ደውሉ።
6. ተጫረትቲ፡ ናይ ጨረታ መኽበሪ ናቕፋ 5,000.00 (CPO) ውሕስና ባንኪ የቕርቡ።
7. ዕወት ጨረታ መኽበሪ ውዕል 100,000.00 (ሚእቲ ሽሕ) CPO ውሕስና ባንኪ የቕርብ፡
8. ኩባንያ ዕደና ቢሻ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ነዚ ጨረታ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ክሰርዞ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኩባንያ ዕደና ቢሻ ናይ ብርኪ ማሕበር

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ዩናይትድ ንኦናና ተቓምት

ሓላዊ ልዳት ኢጣልያዊት ክለብ ኢንተርሚላን ኣንድሬ ኦናና ብማንቸስተር ዩናይትድ ይህደን ከም ዘሎ ብወግዒ ተሓቢሩ። ማንቸስተር ዩናይትድ ተኻኢ ስጳኛዊ ሓላዊ ልዳታ ዴቪድ ዲ ሂይ ዝኾና ሓላዊ ልዳት ኣብ ምንዳይ'ያ ትርከብ ዘላ። ዋላ'ኳ እታ ጋንታ ብዛዕባ ሓላዊ ልዳት ኢንተር ሚላን ኦናና ክሳብ ሕጂ ምላሽ እንተዘይሃበት ሓለፋቲ ዕድጊ ኢንተር ሚላን ግን ነቲ ማስርሕ ምስጓጓር ዕላዊ ገርሞ ኣለው። ኢንተር ሚላን ዋጋ ኦናና 40 ሚልዮን ፓውንድ ምኳኑ'ያ ብተደጋጋሚ ክትገልጽ ጸኒሓ። ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ ንተጻዋታይ ቸልሲ መይሰን ማውንት ድሕሪ ምፍራሙ ብሓሙስ ምሸት ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ " ኣብዚ እዋን ሓላዊ ልዳት ምፍራም ከም ቀዳምነት ሒዝዮ ኣለኹ" ክብል ተዛሪቡ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ሓላዊ ልዳት ዩናይትድ ዴቪድ ዲ ሂያ ኣብዚ እዋን ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ዝኾነ ውዕል የብሉን። ሳልሳይ ሓላዊ ልዳት ማንቸስተር ዩናይትድ ቶም ሂይተን ካብ ኦልድ ትራፎርድ ክወጽእ ምኳኑ ብተደጋጋሚ ክግለጽ'ኳ እንተጸንሐ ኤሪክ ተን ሃግ ወጺእ ሓሶት ክብል'ዩ ገሊጽዎ ዘሎ። ካልኣይ ሓላዊ ልዳት ማንቸስተር ዩናይትድ ዲን ሄንደርሰን ግና ካብ ዚጋጠሞ መጉዳእቲ ሙሉእ ብሙሉእ ብዘይምሕዋዩ ተን ሃግ ንጸመታ ብዘይተቐያሪ ሓላዊ ልዳት ክይትረፍ'ዩ ሰጊኡ ዘሎ። ኢጣልያዊት ኢንተር ሚላን ኣውጺኣቶ ዘላ 40 ሚልዮን ፓውንድ ዋጋ ኦናና ብዘኾኑት ጋንታ እንተደኣ ተበጺሑ ካብ ሳዕሮ ከተፋንዎ ዓይና ከም ዘይትሓሲ'የም ምስታ ጋንታ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ። በዚ ኸኣ ዩናይትድ ነዚ ሓላዊ ልዳት ክትውንኖ ልዑል ተኽእሎ ከም ዘለዋ ክኢላታት ዕድጊ ተጻወትቲ ኤውሮጳ ይእምቱ። ኣንድሬ ኦናና ዝሓለፈ ዓመት ብጽጸ ማስርሕ ምስጓጓር ተጻወትቲ ካብ ሆላንዳዊት ኣያክስ ኣምስተርዳም ናብ ኢንተርሚላን ከም ዝተሰጋገረ ይፍለጥ። ናብ ሳዕሮ ካብ ዝመጽእ ከኣ ንቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ኢንተር ሚላን ዝነበረ ሳሚር ሃንዳኖቪች ቦታኡ ከም ዝመንጠሎ ይዝከር። በዚ ኸኣ እዛ ኢጣልያዊት ክለብ ካብዚ ሓላዊ ልዳት ሙሉእ መኽሰብ ከም ትረክብ ይንገር። ሓለፍቲ ዕድጊ ዩናይትድ ድሮ ምስ ወኪል እቲ ተጻዋታይ ኣልቨርቶ ቦቲስ ተራኺቦም ኣብ ምዝርራብ'የም ዝርከቡ ዘለው። ኣንድሬ ኦናና ናብ ኦልድ ትራፎርድ እንተደኣ መጺኡ ምስ ኣሰልጣኒ ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ ደጊሙ ክራኸብ ማለት'ዩ። ተን ሃግ ኣሰልጣኒ ኣያክስ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ምስ ኦናና ሰሪሖ ምንባሩ ኣይርሳዕን። እቲ



ሓላዊ ልዳት ካብ ድሕሪት ኩዕሶ ኣጠሪሱ ክጻወት ዝኽእል ብምዃኑ ኣብ ርእሲ ዲ ሂያ ብልጫ ክህልዎ ከም ዝኽእል'የም ተንተንቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ዝሕብሩ። ስጳኛዊ ሓላዊ ልዳት ማንቸስተር ዩናይትድ ዴቪ ዲ ሂያ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ንሰሙናዊ 375 ሽሕ ፓውንድ መሃያኡ ቀሪጹ ክጸንሕ ምኳኑ'የም ምስታ ጋንታ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝሕብሩ። ዩናይትድ ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ሓድሽ ውዕል ዲ ሂያ ዝኾነ መግለጺ ኣይሃበትን ዘላ። እታ ጋንታ ነቲ ኣማራጺ'ውን ንሓላዊ ልዳት ብረንትፎርድ ዴቪ ራያን ሓላዊ ልዳት ኣንደርሌኽት ባርት ቨርብሩገንን ሒዛቶም ከም ዘላ'ውን ይሕበር'ዩ። ይኹን'ምበር ዝ ወጪናቶ ዘላ ማስርሕ ምስጓጓር ክትፍጽም ዘኽእል መጠን ገንዘብ ከም ዘይብላ ብዙሓት ወገናት ይገልጹ ኣለው። ዩናይትድ ንመይሰን ማውንት ድሕሪ ምዕዳጋ 65 ሚልዮን ፓውንድ ጥራይ ከም ዝተረፋ'ዩ ዝሕበር።

## ሃቨርትዝ ዝለዓለ መሃያ ዝወስድ ተጻዋታይ ኮይኑ

ሓዳሽ ኣባል እንግሊዛዊት ክለብ ኣርሰናል ኪያ ሃቨርትዝ ዝለዓለ መሃያ ዝወስድ ተጻዋታይ እታ ጋንታ ከም ዝኾነ መርበብ ሓበሬታ ጋርስ ኣፍሊጡ። ኣርሰናል ኣብ ማስርሕ ምስጓጓር ተጻወትቲ ብንጥፈት ኣብ ትዋሳኣሉ ዘላ ግዜ እዚ ጀርመናዊ ተጻዋታይ ዝሓለፈ ሰሙን ብ65 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ኤምሬትስ ከም ዝመጸ ኣይርሳዕን። ኣርሰናል ኣብ ልዕሊ ኪያ ሃቨርትስ ንኣካፋሊ ዌስትሃም ዴክላን ራይስ'ውን ብ105 ሚልዮን ፓውንድ ወዲኣትሉ ከም ዘላ'ዩ ዝሕበር ዘሎ። ኣርሰናል ተጻወትቲ ኣብ ምምጻእ ጥራይ ኣይተኣትን ገንዘብ ተፍስስ ዘላ ንዊሕ ዓመታት ዝጸንሐ ትሑት መሃያ ተጻወትቲ'ውን ኣማሓይሻቶ ከም ዘላ ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ናይታ ጋንታ የረድእ። ከም ማስዑድ ኣዚል ኣብሙያንደን



ኣሌክሳንደር ላካዜትን ኣብ ኣርሰናል ልዑል መሃያ ዝወስዱ ዝነበሩ ተጻወትቲ'የም ኔሮምም። ስጳኛዊ ኣሰልጣኒ እታ ጋንታ ሚኬል ኣርቴታ ናብ ኤምሬትስ ካብ ዝመጽእ ግን እቲ ዝለዓለ ደሞዝ ዝወስድ ዝነበረ ተጻዋታይ ቶማስ ፓርተይ'ዩ ኔሩ። ቶማስ ፓርተይ ኣብ ኣርሰናል ሰሙናዊ 200 ሽሕ ፓውንድ'ዩ መሃያ ዘለዎ። ምስ ሓዲሽ ወሸኽ ደሞዝ ተጻወትቲ ግን ኪያ ሃቨርትዝ እቲ ዝለዓለ መሃያ ዘለዎ ተጻዋታይ ጋርስ ኮይኑ'ሎ። እዚ ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ ሰሙናዊ 330 ሽሕ ደሞዝ ክወስድ ምኳኑ'የም ምንጭታት ኤምሬትስ ዝገልጹ። በዚ ኸኣ ድሕሪ ኣዚል እቲ ዝለዓለ መሃያ ዝረኸበ ተጻዋታይ ኣርሰናል ክኸውን በቒዑ ኣሎ። ዋላ'ኳ ብዙሓት ወገናት ምምጻእ ሃቨርትዝ ናብ ኣርሰናል ከም ጸቡቕ ዘይወሰድዎ እንተኾኑ ኣሰልጣኒ እታ ጋንታ ሚኬል ኣርቴታ ግን ኣብ ማስመር ምክፍፋል ጋንታኡ መሪሕ ተራ ክ ምዝጻወት'ዩ ዝኣምን። ኣርቴታ እቲ ተጻዋታይ ንቦታ እቲ ናብ ባየር ለቨርኩሰን ክሲጋገር ተቐሪቡ ዘሎ ግራንት ቻካ ተኪኡ ከም ዝጻወት ብወግዒ ኣፍሊጡ እዩ።

## ጉንዶጋን ናብ ባርሳ ይኸይድ

ተዓዋታይ ላ ሊጋ ስጳኛ ባርሰሎና ጉንዶጋን ናብ ኑ ካምፕ ከም ዝመጸ ብወግዒ ኣፍሊጣ ክብል መርበብ ሓበሬታ ጎል ኣብ ገጹ ኣስፊሩ። ባርሰሎና፡ እዚ ተጻዋታይ ኣብዚ ወርሒ ምስ ማንቸስተር ሲቲ ዘለዎ ውዕል ድሕሪ ምውድኡ ናብ ኑ ካምፕ ከም ዝመጸኢ'ያ ኣፍሊጣ ዘላ። ሓሊቃ ጋንታ ማንቸስተር ሲቲ ጉንዶጋን ኣብ ኢትሓድ ኣብ ዝጸንሓለን ሸውዓት ዓመታት ኣብ ዓወት እታ ጋንታ መሪሕ ተራ ከም ዝተጻወተ ፈላጣት ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ብሓደ ድምጺ ይሰማምዑ። እዚ ተጻዋታይ ምስታ ብናይ ቅድም ተጻዋታያ ዣቪ ሄርናንደዝ ትእለ ዘላ ሓዳስ ጋንታኡ ናይ ክልተ ዓመት ውዕል ክፍርም ምኳኑ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ። ምምጻእ ጉንዶጋን ናብ ኑ ካምፕ ንማስመር ምክፍፋላ ዣቪ ድርዒ ከም ዝኾነ ይእመን። ባርሳ ንሰርጂዮ በስኪትስ ኣፋንያቶ ብምህላዋ ከም ጉንዶጋን ዝመሰል ተጻዋታይ ከም ዘገድሳ'ያ ክትገልጽ ጸኒሓ። ሰርጂዮ በስኪትስ ኣሰር ኣርጀንቲናዊ ሊዮኔል ሜሲ ብምስዓብ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከይዱ ምስ ኢንተር ማያሚ ክጻወት ምኳኑ ይግለጽ። ወግዓዊ መርበብ ሓበሬታ ባርሰሎና ትማሊ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ "ባርሰሎናን ጉንዶጋንን ኣብ ሓደ ስምምዕ በጺሖም ኣለው። እዚ ጀርመናዊ ተጻዋታይ ካብ ዝመጽእ ወርሒ ኣትሒዙ ንኽልተ ዓመታት ማልያ ባርሳ ወደዩ ክጻወት'ዩ። እዚ ማለት ክሳብ 30 ሰነ 2025 ኣብ ኑ ካምፕ ክጸንሕ'ዩ ማለት'ዩ። ነዚ ውዕል ኣፍሪሳ ክትወስዶ ትደሊ ጋንታ 400 ሚልዮን ኤሮ ክትከፍል ኣለዋ። እንቋዕ ሓጎሰና" ክብል ሓቢሩ ኣሎ። እዚ ተጻዋታይ ልክዕ ከም ናይ ማንቸስተር ሲቲ ኣብ ባርሰሎና'ውን ዝተፈላለዩ ዓወታት ክዕትር ትጽቢት ኣሎ።




## እንታይ'ከ ይሰማዕ ኣሎ?

- እንግሊዛዊት ክለብ ሌስተርሲቲ ንተጻዋታይ ዎልቨስ ኮናር ኮዲ ከም ዘፈረመቶ ብወግዒ ኣፍሊጣ። እዛ ጋንታ ነዚ ተኸላኻላይ ብኽንደይ መጠን ገንዘብ ከም ዘፈረመቶ'ኳ እንተዘይ ተሓበረ ንሰለስተ ዓመት ምስኣ ከም ዝጸንሕ ግን ተረጋጊጹ ኣሎ።
- ብመሰረት ሊ. ኣኩብ ዝዝርገሐቶ ሓበሬታ ፈረንሳዊት ፒኤስጂ ንተኸላኻላይ ባየ ርመኒክ ሉካስ ሀርናንደዝ ወዲኣትሉ ኣሎ። ሻምፕዮን ጋንታታት ሊግ ፈረንሳ ዝኾነት ፒኤስጂ ነዚ ተጻዋታይ ክሳብ 50 ሚልዮን ኤሮ ኣጥፊኣትሉ ክትከውን ትኽእል'ያ።





- ኣርሰናል ነቲ ብሊቨርፑል ዝህደን ዘሎ ሮሚዮ ላቪያ ካብ ሳውዝሃምፕተን ክተምጽኦ ተጠቢሳ ከም ዘላ ተፈሊጡ። ኣርሰናል ንትፕማስ ፓርተይ ክትሰዶ ብምኳና'ያ ንቦታኡ በዚ ወዲ 19 ዓመት ተጻዋታይ ክትትክኦ መደብ ዘላ።
- ብመሰረት ደይሊ. መይል ዝዝርገሐቶ ሓበሬታ ቱርካዊት ክለብ ጋላተሰራይ ንኣጥቃዓይ ዌስትሃም ሚካኤል ኣንቶኒዮ ዓይና ኣውዲቓትሉ ኣላ። እዚ ወዲ 33 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ ታሪኽ ዌስትሃም እቲ ዝለዓለ ኣመዝጋቢ ሹቶ'ዩ። ኣሰልጣኒ እታ ጋንታ ዴቪድ ሞየስ መንእሰይ ኣጥቃዓይ ምስ ዝረክብ ንኣንቶኒዮ ክሰዶ ድሕር ከም ዘይብል'የም ምስታ ጋንታ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ዝገልጹ።
- ኢጣልያዊት ኤሲ ሚላን ንኣካፋሊ ባየር ሙኒክ ርያን ግራቨንበርች ዓይና ከም ዘውደቐትሉ ተገሊጹ። እዚ ተጻዋታይ ኣብ ሚኒኽ ቦታ ስኢኑ ከም ዘሎ'ዩ ዝሕበር። ሚላን ነዚ ወዲ 21 ዓመት ተጻዋታይ ናይ ጸወታ ግዜ ክትህቦ ከም ትኽእል ተንተንቲ ካልቾ ኢጣልያ ይእምቱ።
- ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብዚ ክረምት ንኣጥቃዓይ ፖርቶ መህዲ ታረሚ ከተፈርሞ ከም ትኽእል ጋዜጣ ዘ ሳን ኣፍሊጣ።
- ኣሰልጣኒ ኢጣልያዊት ክለብ ሮማ ፖርቱጋላዊ ሆዘ ሞሪኖ ንኣካፋሊ ማንቸስተር ዩናይትድ ፍረድ የጣይቖሉ ከም ዘሎ መርበብ ሓበሬታ ሜትሮ ኣፍሊጡ። እዚ ብራዚላዊ ተጻዋታይ ሞሪኖ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ'ዩ ብ52 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሻኽታር መጺኡ። ወዲ 30 ዓመት ፍረድ ዋላ'ኳ ምስ ዩናይትድ ናይ ሓደ ዓመት ውዕል ተሪፍዎ እንተሃለወ ኣብዚ ክረምት ካብ ኦልድ ትራፎርድ ክፋነው ካብ ዝኽእሉ ተጻወትቲ'ዩ። ሞሪኖ ምስዚ ተጻዋታይ ኣብ ኦልድ ትራፎርድ ጸቡቕ ዕርክነት ከም ዝነበሮ'የም ቀረብቲ ዩናይትድ ዝሕብሩ።
- ቸልሲ ንኒኮላስ ጃክሰን ካብ ቪላርያል ከም ዝዕደጎ ኣፍሊጣ። እታ ጋንታ ነዚ ተጻዋታይ 30 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዘጥፈኣትሉ'ዩ ዝገለጸ። እዚ ወዲ 22 ዓመት ተጻዋታይ ንሸሞንተ ዓመት ኣብ ስታምፎርድ ብሪጅ ክጸንሕ'ዩ ተሰማሚዑ ዘሎ። ጃክሰን ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ዝነበረ ማስርሕ ምስጓጓር ተጻወትቲ ኤውሮጳ ብ22.5 ሚልዮን ፓውንድ ናብ በርንማውዝ ክሰጋገር ወዲኡ'ኳ እንተነበረ ሕክምናዊ መርመራ ኣብ ዝነበረሉ ግን ብሰንኪ ምጭብባጥ ጅማውቲ ክተረፍ ከም ዝኸኣለ ይዝከር።
- ሓኪም ዚዬች ካብ ቸልሲ ናብ ስዑዲዊት ክለብ ኣልነስር ክሰጋገር ምኳኑ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ ግዜ ናይ ብርኪ ማህረምቲ ኣጋጢምዎ። በዚ ከኣ ሕክምናዊ መርመራ ክሓልፍ ዘሎ ተኽእሎ ጸቢብ ብምኳኑ ማስርሕ ምስጓጓሩ ክተዓናቐፍ ከም ዝኽእል ይንገር። ወዲ 30 ዓመት ሓኪም ዚዬች ኣብ 2020 ካብ ኣያክስ ናብ ቸልሲ ካብ ዝመጽእ ከሚቲ ዝድለ ወጽኢታዊ ክኸውን ከም ዘይከኣለ'ዩ ዝሕበር።



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ብኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝተሰርሐ መድሃኒት ኣብ ሰባት ክፍተን ፍቓድ ይረክብ

ንመጀመርያ እዋኑ ብኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝተማህዘን ዝተሰርሐን መድሃኒት፡ ኣድማዕነቱ ንምፍላጥ ኣብ ሰባት ክፍተን ፍቓድ ከምዝረኸበ ተሓቢሩ።

እዚ NS018_055 ዝብል መጸውዒ ተዋሂብዎ ዘሎ መድሃኒት፡ ኣብ ምስራሕ መድሃኒት ብዘጉይደስ ቴክኖሎጂያዊ ኩባንያ 'ኢንሲሊኮ' እዩ ክስራሕ ክኢሉ። እዚ መድሃኒት እዚ፡ ጸጉሪ ስርዓት ምስትንፋስ ዘስዕብ ሕዱር ሕማም ሳንቡእ ንምፍዋስ ዓሊሙ እዩ ተሰሪሑ ዘሎ። ኣብ ቤተ-ፈተነ ብዝተኻየደ መርመራታት ብቑዕ ኮይኑ ስለዝተረኸበ ድማ፡ ኣብ ሰባት ክፍተን ፍቓድ ረኺቡ ምህላዉ ተፈሊጡ።

እዚ ተበጺሑ ዘሎ ደረጃ፡ ኣብ ዓውዲ መድሃኒት ብዓይነቱ ሓድሽን ዘተኣማምን መጻኢ ዘለዎን መንጠራብይታ ምዃኑ እዩ ብክኢላታት እዚ ዓውዲ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ'ዚ ምዕቡል ዘመን፡ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ዓውድታት ሞያውን ከሚስትሪን ዘሎ ህሉው ኣፍልጦ እናኣረቐቐን እናዕሞቐን ዝኸይድ ዘሎ ኩይኑ፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ብኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝሰርሑ ዘለዉ መድሃኒታት ከኣ መቐጸልታ ናይ'ዚ ተበጺሑ ዘሎ ምዕባለ እዮም። እዚ ድማ ንዓውዲ ፍርያት ሕክምናዊ ኣፋውሰ ብምዕባይ፡ ኑቶም ክሳብ ሕጂ ብሓገዝ መድሃኒት ክፍወሱን ቀልጢፎም ክሓወዩን ዘይክእሉ ሕሞማት ክፍወስ ልዑል ተኽእሎታት ከምዘሎ እዩ ዝሕብር።

እዚ ንሕዱር ሕማም ሳንቡእ ክፍወስ ከምዝኽእል ዝግለጽ ዘሎ ሓዲሽ መድሃኒት፡ ብሰባት ክስራሕ ከም'ቲ ንቡር ክሳብ ሽዱሽተ ዓመት ክወስድ ከምዝኽእል'ዩ ዝግመት። እንተኾነ በቲ ኣብ ሓጺር ግዜ ብዙሕ ሓበሬታታት ክቖናበርን ክምስርሕን ብቑዑ ዘሎ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ኣብ ውሽጢ 18 ኣዋርሕ ጥራይ ክስራሕ ክኢሉ ኣሎ። እዚ ትካል ክሳብ ሕጂ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ተጠቒሙ ዝተፈላለዩ ሕሞማት ክፍውሱ ከምዝኽእሉ ዝንገረሎም 12 ዓይነት መድሃኒታት ከፍሪ ክኢሉ ይርከብ፡፡ ካብ'ኣቶም ግን ሰለስተ ዓይነት መድሃኒታት ጥራይ እዮም ኣብ ማስርሕ ፈተነ ክውዕሉ ፍቓድ ረኺቦም ዘለዉ። ይኹን'ምበር፡ ትካል 'ኢንሲሊኮ' እዚ ሓድሽ መድሃኒት ኣብ ምፍዋስ እዚ ሕማም ዘለዎ ኣድማዕነት ብንጹር ንምልላይ ዓመታት ክወስድ ምዃኑ ሓቢሩ ኣሎ።

ከም መቐጸልታ ናይዚ ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ኣብ ምስራሕ መድሃኒታት ዝሰርሑ ዓበይቲ ኩባንያታት፡ ኣታዊታተን ንምኽዕባት፡ ምስ 'ኢንሲሊኮ' ዝኣመሰሉ ብርክት ዝበሉ ትካላት ሓቢረን ክሰርሓን ከውፍራን ከምዝጀመራ ይሕብር።



## ክሊማዊ ዋዒ፡ ኣብ ቁመት ዓበይቲ ኣኽራናት ለውጢ የስዕብ

ብሰንኪ ክሊማዊ ዋዒ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ዓለምና ዝስዕብ ዘሎ ምውሳኽ ዓቕን መቐት፡ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ዓበይቲ ኣኽራናት ዓለምና ንኣሽሓት ዓመታት ተኾማሪሞም ዝጸንሑ ኣኻውሕ በረድ ክመክኑ ከምዝጀመሩ፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ቁመት እምባታት ይንኪ ከምዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ 'ላይቭ ሳይንስ' ኣብ ገጹ ኣስፊሩ።

ክኢላታት እዚ ዓውዲ፡ እዚ ብሰንኪ ምምካኽ ኣኻውሕ በረድ ዝስዕብ ዘሎ ምንካይ ቁመት እምባታት፡ ኣብ ገለ ኣኽራናት ደሮ ክዝውድ ከምዝጀመረ ገሊጾም። ከም መቐጸልታ ናይ'ዚ ክስተት እዚ ከኣ ብተደጋጋሚ መደራጋሕ ክፍጠርን ምምላእ ልዕሊ ዓቐን ማይ ቀላያት ናይ'ቲ ኣከባቢ ክርእን ከምዝጀመረ ተገሊጹ። ላዕለዋይ ሽፋን ናይ ዝበዝሑ ነዊሕ ቁመት ዘለዎም እምባታት ዓለምና፡ ብኣኻውሕ በረድ ዝተሸፈነ እዩ። እዞም ኣኻውሕ በረድ እዚኣቶም፡ ካብ ላዕለዋይ ሽፋን እዞም እምባታት ምዃን ሓሊፎም፡ ናብ ውሽጢ ነቓዓት ብምስላኽ፡ ኣብ ነንሓድሕዶም ንክተሓሓዙ ከምዝሕግዝዎም እዮም፡ በዞም ተመራመርቲ ዝግለጽ ዘሎ።

እዚ በረዳዊ ክፋል እዞም ሰንሰለታውያን ኣኽራናት ብክሊማዊ ዋዒ ይመክኽ ኣብ ዘሎ ግዜ፡ እቶም ንኣሽሓት ዓመታት ንላዕለዋይ ክፋል ኣኻውሕ እዞም እምባታት ከም መጣበቒ ኮይኖም ዝሰለኹ በረድ፡ ይመኩ ብምህላዎም፡ እቶም እምባታት ጉዳይ ምፍርኻሽ ይኸሉ ከምዝለዉ ተሓቢሩ። ላዕለዋይ ሽፋን በረዳዊ ክፋል እምባታት፡ ብሰሪ ምቕያር ናይ ወቕትታት ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ ክመኩ ምጅንሖም'ዩ ዝግለጽ። ኣብ'ዚ ሕጂ ግዜ ግን እዚ ናይ ምምካኽ ማስርሕ ናብ ውሽጢ ክፋል እምባታት ክልሕም ከምዝጀመረ ይሕብር። እዚ ተርእዮ እዚ፡ ብዝዖዳ ኣብ እምባታት ኣልፕስ የጋጥም ብምህላዉ፡ ንሓፈሻዊ ምስሊ እዞም እምባታት እናቐየሮ ይኸይድ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።

ዓለማዊ ዋዒ ካብ'ዚ ዘለዎ እናለዓለ ምስ ዝኸይድ፡ ዓበይቲ እምባታት ቁመቶም እናሓጸረ ክመጽእ'ዩ ትጽቢት ዝግበር ዘሎ። እዚ ድማ ንሓፈሻዊ ፍልቀት ገጽ ምድሪ ዝልውጥ ምዃኑ ክኢላታት ናይ'ዚ ዓውዲ የገንዝቡ። ማዕረ ማዕረ እዚ ናይ ምስሊ ምልዋጥ ከኣ እቶም ኣብ ትሕቲ እዞም እምባታት ዝተደኮኑ ዓድታት ጉዳይ መደራጋሕን ዕልቕልቓን ክኸውን ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ምዃኑ፡ ኣቶድቲ እቲ መጽናዕቲ ኣብ መወዳእታ ኣፍሊጦም።

## ቀምታ፡ ምስ ዕብየት ስፍሓት ሓንጎል ይተሓሓዝ

ቀምታ ኣዘውቲርካ ምውሳድ፡ ነቲ ምስ ምውሳኽ ዕድመ ክስዕብ ዝኽእል ምጉህጓህ ዕብየት ሓንጎል ከምዘከላኽል ብተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ለንደን ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተሓቢሩ።

ሓንጎል ወዲ-ሰብ፡ ምስ ምውሳኽ ዕድመ ሓፈሻዊ ዓቕን ስፍሓቱ እናተጨበጠ እዩ ዝኸይድ። በዚ ድማ ተኽእሎ ሕማም ረሲዕን ምስ ሓንጎል ዝተሓሓዙ ሕሞማትን እናዓበየ ይመጽእ። እዚ መጽናዕቲ ካብ 40 ክሳብ 69 ዓመት ኣብ ዝዕድመኦም ኤውሮጳውያን እዩ ተኻይዱ። ኣብ'ቲ ዝተረኸበ ወጽኢት ከኣ ኣብ ግዜ ቀትሪ መዓልታዊ ቀም ዝብሉ ሰባት ካብ'ቶም ዘይድቅሱ ሰባት፡ ምልክት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ምዃኑ ዝግለጽ ዝለዓለ ዕብየት ስፍሓት ዘለዎ ሓንጎል ከምዘውንኡ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም። ኣሰዒቦም ከኣ ሰባት ብዕድመ እናዓበዩ ምስ ዝኸዱ፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ ወትሩ ቀም እናበሉ፡ ጥዕና ሓንጎሎም ክሕልው ክምዝኽእሉ መኺሮም።



ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ተሓቢሩ ከምዘሎ፡ ኣብ ግዜ ቀትሪ ክሳብ ፍርቂ ሰዓት ምድቃስ፡ ዝተፈላለዩ ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጥቕምታት ኣለዎ። ኣብ ተመሳሳሊ ኣርእስቲ ኣተኲሩ ዝተኻየደ ካልእ መጽናዕቲ እውን፡ ካብ ሰዓት ሓደ ክሳብ ሰዓት ክልተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዘሎ ግዜ ቀምታ ምውሳድ፡ ንናይ ግዜ ለይቲ ድቃስ ከምዘይመዛብሎ ክልለ ተኻኢሉ እዩ።

## ስብሒ ዘለዎ ዓሳ ንጥዕና ልቢ ጽቡቕ ምዃኑ ተሓቢሩ



ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ምብራቓዊ ፊንላንድ፡ ስብሒ ዘለዎ ዓሳ ምምጋብ ንጥዕና ልቢ ጽቡቕ ምዃኑ ሓቢሮም።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ኣብ ዓሳ ዝርከብ ኦሜጋ-3 ስቡሓዊ ኣሲድ ኣብ ጥዕና መትንታት ልቢ እወታዊ ተራ ከምዘለዎ እዩ ክግለጽ ጸኒሑ። ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ግዜ ስብሒ ዘለዎ ዓሳ ምምጋብ ጸገማት መትኒ ልቢ ናይ ምምዕባል ተኽእሎ ከምዘትሕት እቶም ተመራመርቲ ከሊልዮ ክኢሎም ኣለዉ።

ንሳቶም ብተወሳኺ፡ እቲ መጽናዕቲ ስብሒ ኣብ ዘይብሎም ዓሳታት ከምዘተኮረ'ውን እዩም ዝሕብሩ። ዓሳ ብሓፈሻኡ ኣብ ጥዕና ልቢ ልዑል ጥቕሚ ከምዘለዎ ዝገለጹ እዞም ተመራመርቲ፡ እንተኾነ ቀጠንቲ ዓሳታት ምምጋብ ዘይኮነ ስብሒ ዘለዎም ዓሳታት ንጥዕና ልቢ ክሓድር ዝኽእል እወታዊ ጥቕሚ ከምዘይተዓዘብሎም፡ ኣብ መወዳእታ ገሊጾም።

## ኣብ ትሕቲ መሬት ገዘፍቲ እምባታት ከምዝርከቡ ተሓቢሩ


ኣብ ትሕቲ መሬት ኣዝዮም ዓበይቲ እምባታት ከምዝርከቡ፡ መርበብ ሓበሬታ በቢሲ ኣብ ገጹ ኣስፊሩ።

እዞም ኣብ ትሕቲ ብራኽ ከም ዘለዉ ተገሊጾም ዘለዉ ዓበይቲ እምባታት (ul-tra-low velocity zones)፡ ካብ ጸፍሒ መሬት 2,900 ኪሎሜተር ንትሕቲ ተቐቢሮም ይርከቡ። እዚ መርበብ ሓበሬታ ከምዝገለጾ ከኣ፡ እዞም እምባታት 4.5 ዕጽፊ ብራኽ እምባ ኤቨረስት ቁመት ዘውንኡ ምዃኖም፡ በቲ ብምንቅጥቃጥ ምድርን ኣየማዊ ኩነታትን ዝተፈጥረ ምንብድባድ መሬት ክፍለጡ ክኢሎም ኣለዉ።

ሓንቲ ካብ'ቶም ኣብ'ዚ መጽናዕቲ ዝተሳተፈት ክኢላ እዚ ዓውዲ ሶማንታ ሃንሰን፡ ብተደጋጋሚ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝተፈጥረ ምንብድባድ፡ እዞም ኣብ ውሽጢ መሬት ዝርከቡ ዓርሞሸሻውያን እምባታት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዓለምና ተዘርጊሖም ከምዝርከቡ ክፈልጡ ከምዝኸኣሉ ገሊጹ።

ንሳ ወሲኻ፡ ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ናይ'ዞም እምባታት ትሕቲ መሬት ዝምልከት ንጹር ሓበሬታ ክሳብ ሕጂ ከምዘይብሎም ትሕብር። እንተኾነ ዝተፈላለዩ ክኢላታት ነዚ ኣመልኪቶም ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ላዕለዋይ ዝጦን ምድራብቲ ጥንታዊ ውቅያኖስ፡ ምስ ግዜ ብዘኽየዲ ምንቅስቓሳት ናብ መዓምቆ መሬት ንውሽጢ ድሕሪ ምእታው ዝተፈጥሩ እምባታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግምታት ከምዘሎ ኣብሪሆም ኣለው።

ርኽበት እዞም እምባታት እዚኣቶም፡ ነቲ ብዛዕባ ተኸዩቲ ምንቅስቓሳት ክሳብ ሕጂ ተበጺሑ ዘሎ ኣረዳድኣ ዘዕብን ንቅጽሊ መጽናዕቲ ዓቢ ዘርሑን ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ። ብዛዕባ እዞም ኣብ ውሽጢ መሬት ዝርከቡ እምባታት ዘሎ ሓበሬታ ኣዝዩ ድሩት ስለዝኾነ ከኣ ብዝተፈላለየ ቴክኖሎጂያዊ መሳርሒታት ተደጊፎም ተወሰኽቲ መጽናዕትታት ክካየዱሎም ምዃኖም እቶም ክኢላታት ኣብ መወዳእታ ሓቢሮም።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሰናይ<br>ፋርማሲ ሚለንዮም<br>ፋርማሲ ኣሸሩእ | 2/07/2023 | ጎደና ዓዲ ኣቤቶ ቁ. 89፡ ትሕቲ ቤ/ት ማርቲን ሉተር ነበር<br>ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ<br>ጎደና ኪልዓውታ ቁ.57 ኣኽሪያ ከባቢ ዓሊበኺት | 08370238<br>07153448<br>07157709 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services